ኢፕድ

# ወጋሕታ

5ይ ዓመት ቑፅሪ 03 19 ሕዳር 2017 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00



## ‹‹እቲ ለውጢ ምስ ብሔራዊ ረብሓታት ተኣሳሲሩ እትኽተሎም ዝፀንሐት ኣካይዳ ቀይሩ ‘ዩ››

- ቀዳማይ ሚኒስትር ዓብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- እቲ ለውጢ ብሔራዊ ረብሓታት ኢትዮጵያ ንምልላይን ንምኽባርን እትኽተሎ ዝፀንሓት ኣካይዳ ደኒንካ ምኽያድ ቀይሩ ‘ዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ዓብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም፡፡

ቀዳማይ ሚኒስትር ዓብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብምኽንያት መበል ሓምሻይ ዓመት ፓርቲ ብልፅግና ኣመልኪቶም ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር ገፆም ከምዝገለፅዎ፣ ኢትዮጵያ ብሔራዊ ረብሓታታ ንምልላይን ንምኽባርን እትኽተሎ ኣካይዳ ደኒንካ ምኽያድ ነይሩ፤ እዚ ብምኧኑ ብሔራዊ ረብሓና ንምኽባር ዘየኽእል ግብራዊ ኣካይዳ ክንጉዓዝ ገይሩና ፀኒሑ ዝሓዝናዮ ጉዑዞ ለውጢ ግና ቐይርዎ ‘ዩ፡፡

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር መበል ሓምሻይ ዓመት ምስረታ በዓል ፓርቲ ብልፅግና ኣመፅኪቶም ኣብ ማሕበራዊ ሚዲየኦም፣ “ለውጢን ፍረታት

‹‹እቲ ለውጢ ምስ...ገፅ 6



ኢያሱ ኣብረሃ (ዶ/ር)

## ፖለሲ ልምዓት ገጠርን ሕርሻን ንምትግባር ዘኽእሉ ተግባራት እናተወገኑ 'ዮም

**መኣርግ ገ/ሄርን ኣብርሃ ሓጎስን**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ንሓድሽ ስትራተጂን ፖለሲን ልምዓት ገጠር ሕርሻን ኣብ ዝቕፅሉ ሓሙሽተ ዓመታት ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእሉ ተግባራት እናተወገኑ ምኧኖም ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ

ፖለሲ ልምዓት.... ገፅ 6

## ሓደጋ ኣንፀላልይዎም ኣብዝርከቡ ቕርስታት ናይ ምፅጋንን ምልማዕን ስራሕቲ ይስራሕ ኣሎ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብዚ በጀት ዓመት 2017 ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ከም ኣብርሃ ወኣፅብሓን ኣቡነ ኣፍፄን ቤተክርስትያናት ከምኡ ‘ውን ሓወልቲ ኣክሱም ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕን ሓደጋ ሓደጋ ኣንፃላልይዎም ዝርከብ ብምኧኑ ናይ ምፅጋን ምልማዕን ስራሕቲ እናተሰርሐ ከምዝርከብ በዓል መዚ ሓለዋ ቅርሲ ኢትዮጵያ ገሊፁ፡፡

ኣብ በዓል መዚ ሓለዋ ቅርሲ ኢትዮጵያ ሓላፊ ዴስክ ስራሕቲ ልምዓት ቅርስታት ኣይተ ፋንታ በየነ ምስ ወጋሕታ ጋዜጣ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ኣቡነ ኣፍፄን ቅዱስ ጊዎርጊስን ቤተ ክርስትያን ከም ኡ ‘ውን ኣብ ሓወልቲ ኣክሱም ናይ ፅገናን ልምዓትን ስራሕቲ እናተሳለጠ እንትኾን ኣብ ኣብርሃ ወኣፅብሃ ቤት ክርስትያን ድማ ንምፅጋን ፅንዓት እናተኻየደ ይርከብ፡፡

ኣብ ቅርስታት ብናይ ተፈጥሮ ይኹን ሰብ ስራሕ ኩነታት እናጋጠሙ ከምዝርከቡ ዝገለፁ ኣይተ ፋንታ፤ ኣብ ተፈላላዩ ከባቢታት ሃገር ዝርከቡ ቅርስታት ከከም ኣድላይነቶም ናይ ፅንዓት፣ ፅገናን ልምዓትን እናተሰርሐ ከምዝርከብ ገሊፆም፡፡

ብፍላይ ቅድሚ ሕዚ ናይ ኣክሱም ሓወልቲ ንምፅጋን ቅድሚ ኩናት ምስ ናይ ጣልያን ኩባንያ ውዕል ተኣሲሩ ዝነበረ ኮይኑ ነገር ግን ብሰንኪ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት

ሓደጋ ኣንፀላል .... ገፅ 6

## በዓል ሕዳር ፅዮን ሎሚ ዓመት ብድምቀትን ውሕሱን ንምኽባር ምድላዋት ተወጊኖም

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣመሓዳሪ ርእሰ ኣድባራት ወገዳማት ኣክሱም ፅዮንን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ሃገረ ስብከት ማእከላይ ዞባን ክቡር ንቡረ እድ ጎደፋ መርሃ፣ ነቲ በዓል ኣመልኪቶም ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ በዓል ሕዳር ፅዮን በቢዓመቱ ኣዝዩ ብርክት ዝበለ ተኸታሊ እምነት ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ክርስትናን በፃሕቲ ዓዲን እንትመፅእ ብኽብሪ ተቐቢልኻ፣ ኣኽቢርኻ ምስናይ፣ ኣክሱማውያን ዝፍለጥሉ ድሙቕ ባህሊ ‘ዩ፡፡እዚ ተዓቒቡ ክኸይድ ኣለዎ፡፡

ብኻሊእ ወገን ኣብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ኣኽሱም ዋና ኣዛዚ ፖሊስ ተጋዳላይ መኮነን ኣሰፋ ነዚ ኣመልኪቶም ከም ዝገለፅዎ፤ ሎሚ ዘበን ዝኽበር ክብረ ብዓል ሕዳር ፅዮን ብስነ-ስርዓት ንምኽባር ኣብ ስራሕቲ ፀጥታ ምውዳድ ክህሉ ብብርኪ ከተማ መድላዋት ተወጊኖም ‘ዮም፡፡

ከተማ ኣኽሱም ኣብ ዘተኣማምን ሰላም ከምዘላ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዝነብር ማሕበረሰብና ክግንዘበልና ይግባእ ድሕሪ ምባል፤ ናብ ከተማና ዝመፅእ ጋሻ ብሰላም ኣትዩ ብሰላም ከምዝወፅእ ብምትእምማን ክብረ ብዓል ሕዳር ፅዮን ከኽብር ብሙሉእ ምትእምማን ክመፅእ ይግባእ ክብሉ ኣረጋጊፆም፡፡

ኩነታት ተሽከርከርቲ ብፍላይ ድማ ምስ ሞተር ሳይክላት ተኣሳሲሩ በዝሒ መኻይንን በዝሒ ሰብን ስለዘጋጥም ካብ 18 ሕዳር 2017 ዓ.ም ጀሚሩ ብዘይካ ዝተፈቐደለን ሞተር ሳይክል ካልኦት ጠጠው ክብላ ከም ዝተገብረን ሓቢሮም፡፡

እዚ ቅንያት ክብረ ብዓል ሕዳር ፅዮን ዝኽበረሉ



እዋን ስለዝኾነ በዓል ብሰላም ክሓልፍ ምእንቲ ካብቲ ክብረ ብዓል ምኽባር ወፃኢ ካልእ ዝኾነ ይኹን ንፀጥታን ሰላምን ከተማና ዝርብሽን፣ ዝህውኽን ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስን ፀለመታትን ንስራሕትናን ንምኽባር ፀጥታናን ንምውሓስ ሰላምናን ስለዝጎድእ ካብ ከምዚ ዓይነት ስራሕቲ ክንቑጠብ ይግባእ ክብሉ ኣታሓሳሲቦም፡፡

ከም ሓበሬታ ቢሮ ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ትግራይ፣ ህዝቢ ኣኽሱም ብዓል ሕዳር- ፅዮን ከኽብሩ ንዝመፁ ኣጋይሽ ብፍሉይ እናተቐበለ ንምትእንጋድ በዓል ሕዳር ፅዮን ሎሚ ዓመት ብዝደመቐ ስነ- ስርዓትን ፍፁም ሰላማዊን ኮይኑ ንምኽባር ኩሉ ምድላዋት ተዛዚሙ ኣሎ ክብል ዝሓበረ ድማ ኮሙዩኒኬሽን ዞባ ማእከል እንትኾን ኣብዚ ድሙቕ ክብረ ብዓል ክትሳተፉ ተዓዲምኩም ኣለኹም ክብል ‘ውን ፃውዒቱ ኣቕሪቡ፡፡

## ኮንፈረንስ ሰላም ንህንፀት ሰላማውን ዝበልፀገትን ኣፍሪካ

ገፅ 4

## ‹‹ኣብ ብርክት ዝበሉ ቕርስታት ሃገርና ናይ ፅንዓትን ፅገናን ስራሕቲ እና ሰራሕና ንርከብ››

-ኣይተ ፋንታ በየነ፣

ኣብ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ፣ ሓላፊ ዴስክ ስራሕቲ ልምዓት ቅርስታት

ገፅ 5



# ‹‹ትኹረትና ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ‘ዩ ክኸውን ዝግባእ››

**- ኣይተ ጌታቸው ረዳ**
**ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ**

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብዚ ሐዚ እዋን ትኹረትና ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ‘ዩ ክኸውን ዝግባእ ክብሉ ፕረዚደንት ጌታቸው ረዳ ገሊፆም። ንወንበር ክበሃል ስራሕ ግዝያዊ ምምሕዳር ናይ ምትዕንቓፍ ስራሕቲ ተጋዲዱ ከምዝቐፀለ ‘ውን ገሊፆም።

ፕረዚደንት ጌታቸው ረዳ ኣብ ህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ብዝምልከት ካብ ጋዜጠኛታት ንዝቐረበሎም ሕቶታት ኣብ ዝሃብዎ ምላሽ ከምዝበልዎ፤ ፖለቲካ ትግራይ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ይኸይድ ኣሎ፤ ትኹረት ኣብ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ክኸውን ኣለዎ፤ ዝተፈጥረ ኣፋላላይ ድማ ብምድርዳር ንፍታሕ ይግባእ።

ኣብ ቀረባ ኣብ ጉዳይ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ምስ ሕብረት ኣፍሪካ ንዝካየድ መድረኽ “ ኣነ እየ ዝሳተፍ ኣነባ ናብ ዝብል ተኣትዩ ኣሎ” ዝበሉ ኣይተ ጌታቸው፣ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ዝተማለአ ስራሕ ኣብ ምስራሕ ጉድለታት ‘ውን ከምዝተፈጠሩ ገሊፆም።

መንግስቲ ፌደራል ህወሓት ውሽጣዊ ፀገማቱ ፈቲሑ ክወፅእ ‘ዩ ዝገልፅ ዘሎ ዝበሉ ኣይተ ጌታቸው፤ እንተዘይ ኾይኑ እቲ ስልጣን ብልፅግና ከምዝብሕቶ ግልፂ ከምዝገበረ ‘ውን ሓቢሮም።

ንሓይልታት ፀጥታ ስም ምጥፋእ ተሓታትነት ዘስዕብ ምዃኑ ብምግላፅ፤ኣብ ሓይሊ ፀጥታ ዝግበር ፀለመ ሓደገኛ ምዃኑ ኣገንዚቦም። ብተመሳሳሊ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ስርሑ ንምዕንቓፍ ይስራሕ ከምዘሎ ተዛሪቦም።

ንዕደና ወርቂ ተባሂሉ መሬት ትግራይ ብሓደገኛ ኬሚካል ይዓንው ከምዘሎ ዝገለፁ እቶም ፕረዚደንት፤ ንዕደና ወርቂ ተባሂሉ መሬት ትግራይ ብሓደገኛ ኬሚካል ይባድም ከምዘሎን ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ወርሒ ልዕሊ 28 ኩንታል ወርቂ ካብ ትግራይ ከም ዝወፀን ናብ ናይ መንግስቲ ካዝና ዝኣተወ ገንዘብ ከምዘየለን ፕረዚደንት ጌታቸው ገሊፆም።

ሓይሊ ፀጥታን ምስ ናይ ፍትሒ መሓውርን ብምዃን ኣብዚ ጉሕለት ኣብ ዝተሳተፉ ኣካላት ተሓታትነት ከምዝረጋገፅ ‘ውን ኣመላኺቶም።

ምስ ዲዲኣር ተታሒዙ ንዝቐረበሎም ሕቶ እንትምልሱ ድማ፤ 75 ሽሕ ዝምለስ፣ ዝፅንበርን ዝጣየሸን ሓይሊ ‘ዩ ዘለና ክብሉ ብምግላፅ፣ዲዲኣር ብምፍፃም ዝፍጠር ስግኣት ከምዘየለን ቅድሚ ኹሉ ግና ኣብ ዝግበር ጉዕዞ ናይ መጀመርያ ትኹረት ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ክኾን ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

# ኣቕርቦት ፁሩይ መስተ ማይ ኸተማ መቐለ

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ሃገር ኢትዮጵያ በዝሒ ማይ ካብ ዘለዎን ሃገራት ዓለም ሓንቲ ‘ያ። እዚ ዘሎ ሃፍቲ ማይ ‘ውን ንመስተ፣ ንሕርሻ፣ ንቱሪዝምን ካልኦትን እናተጠቀመት ‘ያ ትርከብ ይኹን እምበር፤ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከም ኣብነት ብለውጢ ነባሪ ኣየር፣ ብምውሳኽ ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ፣ ማይ ብግቡእ ብዘይ ምጥቃምን ካልኦት ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣዊን ምኽንያታት ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ማይ ዘሎ ፅዕንቶ እናወሰኸ ይመፅእ ምህላው ‘ዩ ዝሕበር። ብፍላይ ብሰንኪ ጉድለት ኣጠቓቕማ ዝፍጠር ብኽነትን ተፈጥሮኣዊ ምኽንያታትን ድማ መጠን ማይ ናይ ምቕናስ ስግኣታት ከምዘለው ሰብ ሞያ እቲ ዓውዲ ብምግላፅ፤ ማይ ዘይውዳእ ሃፍቲ እንተመሰለ ‘ውን ብግቡእ እንተዘይተታሒዙ ተወዳኢ ምዃኑ ብምርዳእ እቲ ሕብረተሰብ ንማይ ዘለዎ ምርዳእ ብምዕባይ ብቑጠባን ብምንክብካብን ብምሓዝ ምልማዕ ከምዝግባእ ‘ውን ይገልፁ።

ብፍላይ ብሰንኪ ኵናት ዘበፅሖ ዕንወት ሃፍቲ ማይ ኣብ ማይ ዘለዉ ፀገማት ንክውስኽ ዝገብሩ ፀገማት ከምዝኾኑን እዚ ድማ ብመንግስቲ ጥራሕ ንምስራሕ ስለ ዝኸብድ ብዝተፈላለዩ ትካላት ልምዓት ሰናይ ተግባር ብዝሰርሑ ሓገዛት ከም ፕሮግራማት ዋንዋሽ፣ ኮዋሽ፣ዩኒሴፍ ካልኦት ፕሮጀክታትን ንምልማዕ ዝግበሩ ፃዕርታት ኣለው ‘ዮም። ይኹን እምበር ምስ ዘለው ብዙሓት ፀገማት ብፍላይ በቢግዚኡ እናወሰኸ ብዝኸድ ዘሎ ጠለብ ማይ ከተማታት ተወሳሲኾም ንዝርኣዩ ፀገማት በዲህኻ በቲ ዝተረኽበ በጀት ብግቡእን ብትኹረትን ምስራሕ ንፀባሕ ዝብሃል ስራሕ ኣይኮነን።

ምስዚ ተተሓሒዙ ከም ሓበሬታ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ቢሮ ማይን ፈሳስን ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ናይታ ኸተማ ኣቕርቦት ፁሩይ መስተ ማይ ንምዕባይ ተተሊሙ ከምዝሰርሐን እናተሰርሐ ‘ውን ከምዘሎን ‘ዩ ዝገልፅ።

ኣቕርቦት ማይ ከተማ ካብ 20 ሽሕ ሜትሪክ ኪዩብ ናብ 34 ሽሕ ሜትሪክ ኪዩብ ምዕባይ ምኽኣሉ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ዝገለፁ ስራሕ መካየዲ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ቢሮ ማይን ፈሳስን፤ ካብ 2016 በጀት ዓመት ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ 38 ጉድጓዳት ማይ ዝተኾዓቱ ኮይኖም፤ ካብዚኦም ውሽጢ ድማ 31 ጉድጓዳት ተዛዚሞም ስራሕ ጀሚሮም ‘ዮም።

ናይታ ኸተማ ኣቕርቦት ፁሩይ መስተ ማይ ንምዕባይ ኣብ ዝግበር ስራሕቲ ፀገማት ኣቕርቦት እታወታት እናተጋጠሙ ‘ውን እንተኾኑ መፍትሒ ብምግባር ዘዐውት ስራሕ ምስርሑ ዝገለፁ ኣሸናፊ ኣብርሃ (ዶ/ር) ኣብታ ኸተማ ኣብ ኣቕርቦት ማይን ድልየትን ሰፊሕ ኣፈላላይ ምህላው ብምሕባር፤ ንሓደ ሚሊዮን ህዝቢ 120 ሽሕ ሜትሪክ ኪዩብ ማይ ንምዓልቲ የድሊ። ኣብታ ኸተማ ክሳብ ቀረባ እዋን ንምዓልቲ ካብ 20 ሽሕ ሜትሪክ ኪዩብ ዘይበልፅ ማይ እናቀረበ ፀኒሑ ‘ዩ ኢሎም።

ብሚኒስቴር ማይ ኢነርጂን ዝተገዝኡ 15 ናይ ማይ ፓምፖታት፤ ናይታ ኸተማ ፀገም ማይ ንምቕላል ልዑል ግደ ምግባሮም ብምሕባር፤ ኣብ መዓልቲ 45 ሽሕ ሜትሪክ ኪዩብ ንምምንጫው ተሊምና ኣብዚ እዋን ካብ ዝሓለፈ ናብ 34 ሽሕ ልዕል ክብል ገይርና ኢሎም።

ካብታ ኸተማ ብቐረባ ርሕቀት ዝርከብ ኣብ ህንፀት ዝርከብ ግድብ ገረብ ሰገን ብፅቡቕ ኩነታት እናተሰርሐ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ኣብ እዋን ህንፀት ዘጋጥሙ ፀገማት እታወታት ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብምንግጋር ብግዝያውነት እቲ ፀገም እናተቀረፈ እንተኾነ ‘ውን፤ ብሓፈሻ ናይታ ኸተማ ፀገም ማይ መስተ ዘለቑታዊ መፍትሒ የድሊ ‘ዩ ይብሉ።

ብፍላይ ኣብ ዙርያ ኸተማ መቐለ ዝርከቡ ከተማታት ሮማናትን ማሪያም ዓድሓን ተጠቀምቲ ንፁህ ማይ ምዃኖም ብምግላፅ፤ እዚ ድማ ፀገም ማይ ነባሪ እቲ ኸተማ ንምቕራፍ ልዑል ብፅሒት ከምዝህልዎ ተዛሪቦም።

ፀገም ኣቕርቦታት ብእዋኑ ንክቕረፍ እቲ ማሕበረሰብ ምስቲ ቢሮ ሰራሕተኛታት ብምዃን ብምንባብ ዝሓሸ ስራሕ እናተሰርሐ ይርከብ ዝበሉ ኣሸናፊ ኣብርሃ (ዶ/ር)፤ ብፍላይ ብኽነት ማይ እንተጋጥም እቲ ሕብረተሰብ ናብ ቐርንጫፍ ቤት ፅሕፈታት ብምድዋል ሓበሬታ እናሃበ ብምዃኑ ምስ ብኽነት ተተሓሒዙ ንዝፍጠር ፀገም ብእዋኑ እናተቀረፈ ‘ዩ ይብሉ።

ኣብ መሰረተ ልምዓት ማይ ዘጋጥሙ ፀገማት ቅልጡፍ መፍትሒ ንምሃብ እቲ ቤት ፅሕፈት ሓሙስተ ሚኢቲ ከባቢ ሰራሕተኛታት ምስምራዩ ብምግላፅ፤ በቲ ሞያ ብቑዕ ምዃኖም ነቲ ስራሕ ከቀላጥፉ ‘ዮም ይብሉ።

ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት 16 ጉድጓዳት ማይ ጥራሕ ዝሰርሑ ከምዝነበሩ ብምሕባር፤ ኣብዚ ተተሒዙ ዘሎ ዓመት ናብ ሰላሳን ኣርባዕተን ሓፍ ምባለንን ንቀፃላይ ሾመንተ ጉድጓዳት ማይ ንምኹዓት ትልሚ ምትሓዙ ተዛሪቦም።

ኸተማ መቐለ ዓባይን ብዙሕን ሕዝቢ ዝነብረላ ኸተማ ምስ ምዃና ተተሓሒዙ ንቀፃላይ ዒስራ ዓመት ትልሚ ተታሒዙ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ እናተሰርሐ ምዃኑ ብምሕባር ፤ ካብዚ ጎና ጎኒ ናይ ሓፂር እዋን መፍትሒ ትልሚ ብምዝርጋሕ እናተሰርሐ ምዃኑ ገሊፆም፤

ምስ ሚኒስቴር ማይን ኢነርጂን እናተሰርሑ ዘለው ስራሕቲ ብምጥንኻር ብፍላይ ግድብ ገረብ ሰገን ብቕልጡፍ ተዛዚሙ ናብ ስራሕ ንክኣትው ምግባር ተመራፂ መፍትሒ ‘ዩ ‘ውን ኢሎም።

# መብዛሕቲኦም ፖለቲካዊ ፓርትታት ምስቲ ኮሚሽን ብምትሕብባር እናሰርሑ ምኺኖም ተገሊፁ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ:- መብዛሕቲኦም ፖለቲካዊ ፓርትታት ምስ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ብምትሕብባር እናሰርሑ ከምዝርከቡ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

እቲ ኮሚሽን ሕዚ ‘ውን ነቶም ዝተረፉ ዝተወሰኑ ፖለቲካዊ ፓርትታትን ዕጥቃዊ ቓልሲ ዝገብሩ ኣካላትን ኹሎም ፃውዒት ኣቕሪቡ።

ምክትል ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ሂሩት ገብረስላሴ ንትፕኢ ከምዝገለፅኦ፤ መብዛሕቲኦም ፖለቲካዊ ፓርትታት ምስቲ ኮሚሽን ብምትሕብባር እናሰርሑ ከምዝርከቡን ውሑዳት ግና ናብቲ ኮሚሽን ክቐርቡ ከምዘይደለዩን ገሊፀን።

እቲ ኮሚሽን ስራሕ ኣብ ዝጀመረሉ ቕነ ፃውዒቱ ተቐቢሎም ብሓባር ንምስራሕ ድልየት ዘርኣዩ ፖለቲካዊ ፓርትታት ንኡሽተይ ምንባሮም ዝገለፃ እተን ኮሚሽነር፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን መብዛሕቲኦም ፖለቲካዊ ፓርትታት ምስቲ ኮሚሽን ብምትሕብባር እናሰርሑ ምዃኖም ሓቢረን።

እቶም ፖለቲካዊ ፓርትታት ተሳትፎ ክገብሩ ዝኽኣሉ እቲ ኮሚሽን ገለልተኛን ሓቛፋይን ምዃኑ እናተረድኡ ብምምፅኦም ምዃኑ ዝገለፃ እተን ኮሚሽነር፤ ዓርሶም ዘግለሉ ውሑዳት ፖለቲካዊ ፓርትታት ቐርብ ኢሎም ነቲ ኸይዲ እንተዝምልከቱ፣ ኣካይድኡ እንተዝፍትሹን ኣብ ናይ መወዳእታ ውሳነ እንተዝበፅሑን ከምዝሓይሽ መኺረን።



ሂሩት ገብረስላሴ

ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ምግባር ዕላምኡ ገይሩ ንዝተጣየሸ ፖለቲካዊ ፓርቲ መድረኽ ሃገራዊ ምኽክር ፅቡቕ ኣጋጣሚ እዩ ዝበላ ኮሚሽነር ሂሩት፤ ነቲ ዕድል ዘይምጥቃም ንዓርሱ ከምዘፀዕት ብምሕባር እቲ ኮሚሽን ነቶም ፖለቲካዊ ፓርትታት ብተደጋጋሚ ግዜ ፃውዒት እናቕረበ ምንባሩን ብኣካል ‘ውን ከምዘዘራረቦም ገሊፀን ሕዚ ‘ውን ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ክሳተፉ ንዝደልዩ ኹሎም እቲ ኮሚሽን በሩ ኸፍቲ ገይሩ እናተፀበዮም ምዃኑ ተዛሪበን።

ተወከልቲ ናብ ውሽጢ ዕጥቃዊ ቓልሲ ዝኣተዉ ኣካላት ‘ውን ዝኾነ ዓይነት ናይ ስግኣትን ድሕንነትን ጥርጣረ ከይሓደሮም መፂኦም ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ንኽሳተፉ እቲ ኮሚሽን ፃውዒት ከምዘቕረበ ገሊፀን፤ ናይ ድሕንነት ስግኣት ንኸይሓድሮም ውሕስነት ዝህቡን ነቲ ኩነታት ዘመቻችዉን ዓለም ለኻዊ ትካላት ምህላዎምን መንግስቲ ‘ውን ኣብቲ ጉዳይ ፍቓደኛ ምዃኑን ሓቢረን።

“ዘይምርድዳእ ብኵናት ኣይፍታሕን፤ ንፀገማት ብምይይጥ ምፍታሕ እናኽኣልና ብዙሓት ምሁራንን መናእሰይን ዝሰኣንናሎም ሕማቓት ኣጋጣሚታት ክፅዕቱና ይግባእ” ዝበላ ኮሚሽነር ሂሩት፤ ብልዑል ልፍዓትን ድኻምን ተማሂሮም ናብ ፅቡቕ ውፅኢት ዝበቕዑ ብርቂ ዜጋታት ተዘራሪብናን ምፍታሕ እናኽኣልና ናብ ውሽጢ ጎንፂ ምእታው ንሃገር ‘ውን ዝኸፍአ ጉድኣት ከምዘስዕብ ገሊፀን።

ከምገለፃ እተን ምክትል ኮሚሽነር፤ ናብ ዕጥቃዊ ቓልሲ ኣእቲዮምና፤ ንኽይንረዳዳእ ገይሮምና ዝበሃሉ ጉዳያት እንተሃልዮም ኮፍ ኢልካ ብምምኽኻር ክፍትሕሉ ዘይኽእሉ ዝኾነ ዓይነት ምኽንያት የለን ክብላ ብምግላፅ፤ ኢትዮጵያውያን እቲ ዓብዪ ፀገምና እቲ ሓደ ኣካል እንትሰርሕ ካልኦትና ተመልከትቲ፣ ተዓዘብትን ወቓስትን ምዃንና ‘ዩ ብምባል እዚ ኣተሓሳስባና ናብ ፀገም እናእተወና ምዃኑ ክንርዳእ ኣይኸኣልናን። ሓቂ ምድላይ፣ ናይ ኻልእ ክፋል ማሕበረሰብ ወይ ዜጋ ሃገርና ቑስሊ ምድማፅ የድሊ ኢለን።

ቤት ምኽሪ ፖለቲካዊ ፓርትታትን ሲቪክ ማሕበራትን ‘ውን ብርሑቕ ተመልካታይ ካብ ምዃን ቐርብ ኢሎም ትፅቢት ዝግበረሎም ንክሰርሑ ዘተሓሳሰባ እተን ኮሚሽነር፤ ኹሉ ብፅሒቱ እንተተዋፂኡ እቲ ሃገራዊ ምኽክር ውፅኢታዊ ዘይኾነሉ ዝኾነ ዓይነት ምኽንያት ኣይህሉን ክብላ ገሊፀን።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ንዝመፅእ ወለዶ ሰላም ንምውራስ ብሓባር ምስራሕ

ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስቲ ኢትዮጵያን ቕድሚ ሰለስተ ዓመታት ጎንፂ ኣብዘጋጠመሉ እዋን ኢትዮጵያ ቅድሚ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ፣ ፀገማት ኣፍሪካ ብኣፍሪካ ክፍታሕ ኣለዎ ዝብል ፅኑዕ መርገፂ ሒዛ ትንቐሳቐስ ምንባራ ዝዝከር 'ዩ:: በዚ መሰረት እቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ደማዊ ኩናት ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ 23 ጥቕምቲ 2015 ዓ.ም ብዝተገብረ ስምምዕ ሰላም መዕለቢ እንትረክብ ዓብዪ ናይ ሰላም ኣየር ዝነፈሰሉ እዋን ነይሩ:: ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ትርጉም ነይርዎ::

መንግስቲ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝነበረ ኲናት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ካብ ዘርኣዮ ቆራፅነት ብተወሳኺ ብስግግር ፍትሒ ዘላቒ ፍትሕን ሰላምን ንምርግጋፅ መርኣያ ዝኾውን ስራሕ እናሳለጠ ይርከብ:: ከምኡ 'ውን ነበር ዕጡቓት ዕጥቂ ብምፍታሕ ናብ ሕብረተሰቦም ተፀምቢሮም ስሩዕ ሂወቶም ንኽመርሑ ብቢልዮን ዝቑፀር ገንዘብ መዲቡ ናብ ተግባር ኣትዩ ይሰርሕ ኣሎ::

ነዚ ተኸቲሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ክስርሑ ፀኒሖም ኣብዚ ሓለፈ ሰሙን ድማ ምስ ዝምልከቶም ኣካል ብምትሕብባር ምፍታሕ ቀለልቲ ኣፅዋራት ተጀሚሩ ኣሎ፤ እዚ ክያዶ እዚ ነቲ ዘሎ ሰላም ዝያዳ ንምጥንኻር ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ:: ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኢትዮጵያ ንነባራት ዕጡቓት ኣፅዋር ብምፍታሕን ናብቲ ሕብረተሰብ ብምውህሃድን ኣብዛ ሃገር ኢሉ 'ውን ኣብቲ ዞባ ቐርኒ ኣፍሪካ ንሰላምን ምርግጋእን ዘለዋ ተወፋይነት እናርኣየት 'ያ:: ማለት ግጭት ደው ኣቢላ ናብ ሰላም እናተሰጋገረት ትርከብ ኣላ::

ከም ሕማቕ ኣጋጣም ኮይኑ ኲናት ንኢትዮጵያ ሓዱሽ ኣይኮነን፤ ብዙሕ ናይ ኲናት መከራ ዝረኣየት ሃገር 'ያ:: ካብ ኢትዮጵያ ንለዓሊ ብኲናት ዝተፈተነት ሃገር የላን ዳርጋ ምባል ይከኣል 'ዩ:: ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ ብዙሓት ውሽጣዊ ፀገማት እንተጋጥምዋ ብዙሓት ብድሆታት ክትሓልፍ ገይሮማ 'ዮም:: ዘጋጠምዋ ጎንፂታት ብሰላም እናፈትሐት ናብ ቅድሚት ትስጉም ኣላ::

ጎንፂ ብዙሕ ዋጋ ዘኽፍል 'ዩ፤ እቲ በሰላ ብቐሊሉ ዝጠፍእ ኣይኮነን:: ኣብዚ ሕዚ እዋን ኢትዮጵያ ኣብ ምትእምማን ዝተመስረተ ሽርክነት ንምጥንኻር ዓብዪ ስጉምትታት ትወስድ ዘላ ኮይና ሰላም እናረጋገፀት ንቅድሚት እናሰጎመት ትርከብ።

ኢትዮጵያ ሰላም ንምጥንኻር ኣብ ምትእምማን ዝተመስረተ ሽርክነት እናሓየለት ንቕድሚት እናሰጎመት እትርከብ ሃገር ኮይና እቶም ዘጋጥምዋ ፀገማት ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ኮይና እናፈትሐት ትርከብ:: ብሓባር እንተዘይሰሪሕኻ ፀገማት ንምፍታሕ ከኸብዱ ስለዝኽእሉ ነዚ ብምግንዛብ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ውሽትን ደገን ብሕብረት እናሰርሐት ትርከብ::

ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ዕጡቓት ዕጥቕም ፈቲሖም ናይ ተሃድሶ ፕሮግራም ወሲዶም ናብ ሕብረተሰብ ተፀሚሮም ኣብ ተፈላላዩ ልምዓት ክንቐሳቀሱ እንትግበር ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ተረባሒ ዝገብር 'ዩ:: ነበር ዕጡቓት ክልል ትግራይ ብስልጠና ተሃድሶ ንምጥያሽ ዝስራሕ ዘሎ ምንቅስቓስ ዘተባብዕ 'ዩ:: እቲ ስራሕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ዝስራሕ ዘሎ ስራሕቲ ስለዝኾነ ኣብ ምስፋን ሰላም ኣወንታዊ ውፅኢት የምፅእ ኣሎ::

ግዝያዊ ምምሕዳር ሰላምን ድሕንነትን እቲ ክልል ንምርግጋፅ ምስ መንግስቲ ፌደራል ብቐረባ ምስርሑ ዝያዳ ኣወንታዊ ውፅኢት ክህልዎ ዝገብር 'ዩ:: ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ብናይ ተሃድሶ ስልጠና 75 ሽሕ ነበር ዕጡቓት ንምጥያሽ ዝግበር ዘሎ ሓበራዊ ፃዕሪ ዓብዪ ውፅኢት ኣለዎ:: እዚ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ::

ብሓፈሻ እቲ ዝግበር ዘሎ ትግበራ ዲሞቢላይዜሽን ስራሕ ንሰላም በሪ ዝኸፍት ኮይኑ ኩላትና ድማ እቲ ውዕል ስምምዕነት ሰላም ክትግበር ብሓባር ብምስራሕ ኣብ ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ብምስፋን ንዝመፅእ ወለዶ ሰላም ንምውራስን ዕዙዝ ስራሕ ምስራሕ የድሊ:: መፃኢ ወለዶ ሰላም እምበር ኲናትን ህውከትን ክወርስ ኣይግባእን፤ ስለዚ ሓደ ወገን ጥራሕ ሰላም ከረጋግፅ ስለዘይኽእል ሓቢርካ ምስራሕ ይግባእ::


## ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልዓይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልዓይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም ኣይኮኑን፡፡

## ኣብ ትግራይ ተጀሚሩ ዘሎ ከይዲ ምፍታሕ ዕጥቒ ንሰላም ሃገርና ወሳኒ ግደ ኣለዎ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣብ ሃገርና ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስቲ ፌዴራል ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ስዒቡ ኣብ 24 ቕምቲ 2013 ዓ.ም ኲናት ምውልዑ ዝፍለጥ 'ዩ:: እቲ ኲናት ብፍላይ ኣብ ትግራይ ማሕበራዊ፣ ፓለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ዕንወት ኣብፂሑ 'ዩ:: ኣዝዩ ብዘዳሚ ኲነታት ንኽባቢ ክልተ ዓመታት ምስ ተኻየደ ኣብ 24 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶርያ ብዝተገብረ ስምምዕ ሰላም መዕለቢ ረኺቡ 'ዩ:: እቶም ነጥቢታት ስምምዕ ሰላም ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ዝተወሰኑ ንምጥቃስ ዝኣክል፣ ብሰንኪ ተቋሪፆም ዝነበሩ ከም መብራህቲ፣ ባንኪ፣ መጎዓዝያ ወዘተ ዝበሉ መሰረታዊ ኣገልግሎታት፣ መንግስቲ ፌዴራል ክኽፈት ከምዘለዎ እንትኾውን ብወገን ህወሓት 'ውን እቲ ሓደ ነጥቢ ስምምዕ ሰላም ዕጥቒ ብምፍታሕ ንፌዴራል ምርካብ ዝብል ይርከብዎም::

ስምምዕ ሰላም ድሕሪ ምኽያዱ ድምፂ ጥይት ጠጠው ኢሉ እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝቢ ትግራይ መሰረታዊ ነገራት ክቀርብሉ ዝኽኣለሉ ኲነታት 'ውን ተፈጢሩ 'ዩ:: ነዚ ስዒቡ ከበድትን ማእኸለዎትን ኣፅዋር ናይ ምፍታሕ ተግባራት ተኻይዱ 'ዩ፤ ምቅራብ መሰረታዊ ኣገልግሎታት እናተጣናኸረ ከይዱ:: ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ክልልና ቁጠባዊ ምንቕስቓሳትን ትምህርትን 'ውን ተጀሚሩ:: ብፍላይ ግዝያዊ ምምሕዳር ምስተጣየሸ ምትእምማን እናወሰኸ ከይዱ ብዙሓት ናይ ልምዓት ስራሕቲ ተሳሊጦምን እናተሳለጡን ይርከቡ::

ውዕል ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ጀሚሩ ህወሓት ከበድቲ ዕጥቒ ምስ ምርካቡ 'ውን ተተሓሒዙ ብዙሓት ናይ ሰላም ለውጥታት ዝተራኣዩ ኮይኖም ሕዚ 'ውን ነዚ ሰላም ብዝበለፀ ዘጣናኽሩ ስራሕቲ ይስርሑ ኣለዉ:: ነበር ዕጡቓት ኣብዚ ዓመት እዚ ናብ 75 ሽሕ ዝኾኑ ዕጥቖም ብምፍታሕ ናብ ተሃድሶ ክኣትዉ እቲ ከይዲ ኣብ መቐለ ተጀሚሩ ይርከብ:: እዚ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ወግዓዊ ምጅማር መደብ ምፍታሕ ኣብ ከተማ መቐለ ምስ ምጅማሩ ተተሓሒዙ ኣብቲ መደብ ምፍታሕ ዕጥቒ ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣቦ መንበር ሃገራዊ ተሃድሶ ጌዴዮን ጢሞቴዎስ (ዶ/ር)፣ ሚኒስትር መስኖን ከባቢታት ቆላታትን ኣብርሃም በላይ (ዶ/ር)፣ ዋና ዳይረክተር ሃገራዊ ድሕንነትን ፀጥታን ኣምባሳደር ሬድዋን ሑሴን፣ ግዝያዊ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ፣ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ምክትል ዝኾኑ ሌ/ጀነራል ፃድቃን ገብረትንሳኤ፣ ኮሚሽነር ብሄራዊ ተሃድሶ ተመስገን ጥላሁንን ካልኦት ናይ ደገ ተዓዘብትን ኣብዝተረኸብሉ ተጀሚሩ 'ዩ:: እዚ ድማ ዝያዳ ምትእምማን ሰላም ንምሕያል ዝሕግዝ 'ዩ:: ኣብቲ መደብ ዝተሳተፉ ሰበ ስልጣን መንግስቲ፣ ሃገራውን ዓለምለኻውን ወከልቲ ኣብ መቐለ ዩኒቨርስቲ ዝተዳለወ ኤግዚቢሽን ኣብ መለስ ዜናዊ ካምባስ ብምብፃሕ ብሄራዊ ኮሚሽን ተሃድሶ ኣብ ክልል ትግራይ ንዝነበሩ ዕጡቓት ነበር ናይ ተሃድሶ ስልጠና ንምሃብ ዘካየዶ ምድላዋት ተዘራሪቦም 'ዮም። እዚ ድማ ሰላም ንምሕያል ዘለዎ ትርጉም ዓብዩ 'ዩ::

እቲ ክልል ክንዲዚ ዝኣክሉ ዕጡቓት ክሸከም እንተሎ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ኲነታት ዘሕድሮ ፅልዋ ብቐሊሉ ዝረኣይ ኣይኮነን:: ብፍላይ እቲ ክልል ኣብ ኲናት ምስ ምፅንሑ ተተሓሒዙ ብኢኮኖሚ ኣዝዩ ተጎዲኡ 'ዩ:: መንግስቲ ብዝገብሮ ዘሎ ድጋፍ እቶም ነበር ዕጡቓት ናብ ህዝቦም ተፀምቢሮም ህይወቶም ክመርሑ፣ ወለዶም ክድግፉ እንተለዉ 'ዩ እቲ እቲ ተመራፂ ዝኸውን:: ኢኮኖሚያዊ ለውጢ ክመፅእ ዝኽእል ዕጥቑ ፈቲሑ ኣብ ልምዓት ክዋፈር እንተሎ 'ዩ:: ብፍላይ ተሃድሶ ወሲዶም ናብ ህዝቢ ተፀሚሮም ክገብርዎ ዝግበኦም ነገር ክገብሩ እንተለዉ ለውጢ ክመፅእ ይኽእል 'ዩ:: እዚ እድል እዚ ድማ ብኣግባቡ ከንጥቐመሉ ይግባእ:: በቲ ዝተቐመጠ መደብ መሰረት ኩሉ ተሓባባሪ ክኸውን 'ውን ኣለዎ:: እዚ ብቐሊሉ ዝረኣይ ጉዳይ ኣይኮነን::

ኣብዝሓለፈ ሓሙስ 12/2017ዓ.ም ከባቢ 320 ነበር ዕጡቓት ዕጥቖም ብምፍታሕ ንመንግስቲ ኣረኪቦም ናብ ናይ መቐለ ናይ ተሃድሶ ስልጠና መውሃቢ ማእከል ኣትዮም ተሃድሶ እናወሰዱ ይርከቡ:: እዚ ዝነኣድ ተግባር 'ዩ፤ ካልኦት 'ውን ነዚ ዕድል እዚ ክጥቀምሉ ኣለዎም:: እቶም ኣብ ማእኸላት መቐለ ጥራሕ ዘይኮኑስ ዕዳጋ ሃሙስን ዓድዋን ናይ ምጥያሽ ስልጠና ክወስዱ እንከለዉ እዚ ተሃድሶ እዚ ናብ ሕብረተሰብ ምስተ ፀመሩ ብዝግባእ ክጥቐምሉ ኣለዎም:: እዚ ምርካብ ዕጥቒ ኣብ ዝቕፀሉ ኣርባዕተ ኣዋርሕ 75 ሽሕ ነበር ዕጡቓት ኣብተን ሰለስተ ማእኸላት ስልጠና ተሃድሶ ክስልጥኑ እንትግበር ኣዝዩ ጠቓሚ 'ዩ:: ምኽንያቱ ዕጥቂ ብምፍታሕ ናብ ሕብረተሰብ ተዋሃሂዶም ንቡር ህይወቶም ንምምራሕ ዝጠቕሞም ስለዝኾነ ብኣግባቡ ክጥቐምሉ ይግባእ::

> **ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ምፍታሕ ዕጥቒ ኣብ ሃገርና ሰላም ካብ ምዕዛዝ ብተወሳኺ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ክልልና ኢሉ 'ውን ሃገርና ንምሕያል ግደ ኣለዎ**

ስለዚ ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ምፍታሕ ዕጥቒ ኣብ ሃገርና ሰላም ካብ ምዕዛዝ ብተወሳኺ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ክልልና ኢሉ 'ውን ሃገርና ንምሕያል ዓብዩ ግደ ኣለዎ:: ብምዃኑ እዚ መደብ እዚ ሙሉእ ብሙሉእ ተፈፃሚ ኮይኑ ኣብ ክልልና ኢሉ 'ውን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ንክሰፍን ካብ መንግስቲ ወፃኢ ካልኦት ኣብ መላእ ሃገርና ዝርከቡ ዕጡቓት ሓይልታት ነዚ ኣወንታዊ ተግባር ክኽተልዎን እጃሞም ክዋፅኡን ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ::

# እዋናዊ ዛዕባ



# ኮንፈረንስ ሰላም ንህንፀት ሰላማውን ዝበልፀገትን ኣፍሪካ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝተገበሩ ዓበይቲ ናይ ውሽጢ ዓድን ኣህጉራውን ዓለማውን ዘሰተፉ መድረኻት "ዝበልፀገን ሰላማውን ኣፍሪካ ንህነፅ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ኮንፈረንስ ሰላም ኣፍሪካ ሓደ 'ዩ። ኣብዚ መድረኽ ፕሬዚዳንት ፌዴሪኢ ታዬ ኣፅቀስላሴ፣ ኣፈጉባኤ ቤት ምኽሪ ባይቶ ወካልቲ ህዝቢ ታገሰ ጫፎ፣ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣገኘሁ ተሻገርን ሚኒስትር ሰላም ብናልፍ ኣንዷለምን ሓዊሱ ሰበስልጣናትን ሚኒስትራትን ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብዚ ኣህጉራዊ ጉባኤ ሰላም ንምስታፍ ኣዲስ ኣበባ ዝተረኸብሉን ኣባላት ልኡኽ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ እንትበፅሑ ብዝተፈላለዩ ሚኒስትራትን ሓለፍቲ መንግስትን ኣቀባብላ ተገይርሎም 'ዩ።

ብመሰረት እዚ ብሚኒስትር ምክልኻል ሃገር ደቡብ ኣፍሪካ ሞትሼክጋ ማፄ ዝተመርሐ ልኡኽ ሓዊሱ ሚኒስትራት ርዋንዳ ፣ ቡርንዲ ፣ ላይበሪያ ፣ ደቡብ ሱዳንን ካልኦት ልዕሊ 20 ሃገራት ኣብቲ ንክልተ መዓልቲ ዝፀንሐ ኮንፈረንስ ተረኺቦም 'ዮም። እቲ ኮንፈረንስ ብዋናት ትኹረት ካብ ዝተገበረሎም ዛዕባታት ህንፀት ሰላም፣ ለውጢ ኣየር ንብረትን ኣብ ኣጀንዳ 2063 ዘትኩርን ናይ ሃገራት ኣፍሪካን ትካላትን እታ ኣህጉር ኣብ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ድልየታት ሰላም ንምምላእን ፍሉይ ትኹረት ንክህቡ ዝገብር 'ዩ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ሕዳር 16ን 17 ኣህጉር ሓቆፍ ኮንፍረንስ ሰላም ዝተኻየደ መርሃ ግብሪ ካብቲ ዘተ ብተወሳኺ ናይ ሰላም ኤግዚቢሽንን ዶክመንተሪን ካብ ምድላው ከምኡ 'ውን እቶም ተሳታፈቲ ኣብታ ኸተማ ዘሎ ልመዓት ኮሪደር፣ ሙዚየም ዓድዋን ዑደት ዝተፈላለዩ ትካላት ተኻይዱ'ዩ።

ናይ ሎሚ እዋናዊ ዛዕባና 'ውን ኣብዚ መድረኽ ካብ ዝተልዓሉ ሓሳባት ብፍላይ መልእኽትታት ፕሬዚዳንት ፌዴሪኢ ታዬ ኣፅቀስላሴ፣ ኣፈጉባኤ ቤት ምኽሪ ባይቶ ወካልቲ ህዝቢ ታገሰ ጫፎ፣ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣገኘሁ ተሻገርን ሚኒስትር ሰላም ብናልፍ ኣንዷለምን ሓዊሱ ናይ ካልኦት ተሳተፍቲ መልእኽታትን ከምዝስዕብ ዘቐርብ ይኸውን፡-

ፕሬዝዳንት ታዬ ኣፅቀስላሴ ኣህጉራዊ ኮንፈረንስ ሰላም ኣፍሪካ "ዝበልፀገን ሰላማውን ኣፍሪካ ንህነፅ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እናተኻየደ ኣብ ዝርከብ ኣብ መኽፈቲ ዝርርቦም፣ ኣፍሪካ ዘላቒ ሰላም ንምዕሳል ኣብ ንግድን ቴክኖሎጅን ትኹረት ዝገበሩ ጥንኩር ኣሰራርሓታት ክትኽተል ከምዝግባእን ኣፍሪካ ዘለዋ ዓቕሚ ተጠቒማ ንቕድሚት ክትስጉም ከምዘለዋ ይገልፁ።

ኣፍሪካ ንዝመፅኡ ፈተናታትን ሰላምን ብልፅግናን ዓርሳ ክተዳልው ኣለዋ ዝበሉ እቶም ፕሬዚዳንት፤ እቲ ኮንፈረንስ ሰላምን ልምዓት ኣፍሪካ ዘበረታትዑ ሓሳባት ንምፍልፋል ከምዝሕግዝ ብምሕባር ዞባዊ ነፃ ንግዲ ኣፍሪካ ሰላም ንምቕፃል ኣድላይ ምኳኑ ይገልፁ።

ዝተሓላለኹ ፈተናታት ህንፀት ሰላም ንምፍታሕ ትካላት ምጥቃም ኣድላይ ምኳኑ ብምግላፅ ስግኣት ለውጢ ነባሪ ኣየር ንምቕራፍ ዘላቒ መፍትሒታት ም኿ኖም ብምሕባር፤ መርሃ ግብሪ ዓሸራ ሓምላዋይ ኢትዮጵያ ነታ ኣህጉር 'ውን ኣብነት ከምዝኸውን ብተወሳኺ እቲ ኮንፈረንስ ሰላምን ብልፅግናን ንምዕሳል ዝግበር ፃዕሪ ከምዘበረታትዕ ዘለዎም እምነት ብምግላፅ ምትሕብባርን ናይ ሓባር ሸቶታት ንዕብየት ኣፍሪካ ወሳኒ ከምዝኾነ የብርሁ።

ብተመሳሳሊ ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ሰላምን ድሕንነትን ንምርግጋፅ ምቹው ኩነታት እናፈጠረት ምኳና ብምግላፅ፤ ኢትዮጵያ ናይ ኣፍሪካ ፀገም ብኣፍሪካ ምፍታሕ ይግባእ ዝብል ፅኑዕ ቅዋም ከምዘለዋን ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ኢትዮጵያ 'ውን ፀገም ኣፍሪካ ብኣፍሪካ ምፍታት ይግባእ ዝብል ፅኑዕ ቅዋማ ብተግባር ዘረጋገፀ ኢዩ ክብሉ ዘረድኡ እቶም ፕሬዚዳንት፤ ኢትዮጵያ ካብቲ ስምምዕነት ሰላም ሓሊፉ ዝተማለአ መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ብምግባር ኣብቲ ዞባ ንግዲን ኢንቨስትመንት ንኽሰፍሕ ሃናፂ ግደ ከምዝተዋፀአት 'ውን ይገልፁ።

ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ሰላምን ድሕንነትን ንኽረጋገፅ ምችው ኩነታት ኩነታት እናፈጠረት ዘላ ሃገር ከምዝኾነትን እቲ ሰላም ኮነፈረስን ድማ ቀጠናዊ ምትእስሳር ንግድን ኢንቨስትመንትን ንክሰፍሕ ዝገብርን ኣብ ኣፍሪካ ሰላምን ልምዓትን ዘበረታትዑ ሓሳባት ንክለዓሉን ሰላምን ብልፅግናን ንምዕሳል ንዝግበር ፃዕሪ ሓጋዚ ምኳኑ 'ውን ይዛረቡ።

ኣብዚ መድረኽ "ኢትዮጵያ ሰላም ንምርግጋፅ ዝኸደትሎም መንገድታት" ኣብ ዝበል ዘተ ፓናል ኣብ ዝተገበረሉ፤ ፈተናታት ኣፍሪካ ንምፍታሕ ናይ ሓባር ኣፍሪካዊ መፍትሒ የድሊ ዝብሉ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣይተ ታገሰ ጫፎ ኣብዚ ኣብ ዝገበርዎ ዝርርብ፤ ሰላም ዕብየትን ብልፅግናን ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕሳል ዘለዎ ግደ ዘይነዓቕ ከምዝኾነን ሰላም እንምነያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንዕበየት እቲ ሕብረተሰብ መሰረታዊ ድልየት 'ውን 'ዩ ብምባል፤ ዕፃ ኣፍሪካዊያን ዝተኣሳሰሩን ዓወትና 'ውን ናይ ሓባር 'ዮም። ሰለዝኾነ ብዝሕነት ኣፍሪካ ከምትጥንካረ፣ ሓድነትን ሓይልን ክንጥቀም ይግባእ ይብሉ።

ሓቀኛ ዕብየት ዝልካዕ ብእንዛረቦ እንተይኮነስ ብእንሰርሖ 'ዩ ዝበሉ እቶም ኣፈ ጉባኤ፣ ኣብቲ ጉባኤ ዝተልዓሉ ሓሳባት ትርጉም ናብ ዘለዎ ተግባር ምቕያር ከምዝግባእ የተሓሳስቡ።

ሚኒስትር ሰላም ብናልፍ ኣንዱኣለም ብግደኦም፤ ኢትዮጵያ ብመሰረት ስምምዕነት ሰላም ነበር ተዋጋእቲ ተዋጋእቲ ዕጥቂ ብምፍታሕን ናብ ማሕበረሰብ ብምፅምባርን ንሰላምን ምርግጋፅን እቲ ዞባ ዘለዋ ቆራፅነት መርኣያ ከምዝኾነት ብምርዳእ፤ ኢትዮጵያ እናካየደቶ ዝትርከብ ስግግር ፍትሒ፣ ብሄራዊ ዘተን ብሄራዊ ተሃድሶን ንሰላም ዘለዋ ቆራፅነት ዘርኢ ከምዝኾነ የብርሁ።

ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ እምነታትን ኣረኣእያታትን ዝንፀባረቀላ ሃገር ምኳናን ዝገልፁ ኣይተ ብናልፍ ኣንዱኣለም፤ ናይታ ሃገር ናይ ሓባር ትርኽቲ ብምህናፅ ሕበረ ብሄራዊ ንክሰፍን ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ 'ውን ይዛረቡ።

ሚኒስትር ሰላም ብናልፍ ኣንዱዓለም ኣብዚ እዋን፤ ናብ ኣህጉራዊ ሰላምን ብልፅግናን ዝወስድ መንገዲ ብሓድነት ጠጠው ምባል ወሳኒ ጉዳይ ከምዝኾነ ንተሳተፍቲ እቲ ኮንፈረንስ መልእኽቲ እንኳዕ ደሓን መፃኹም ኣብ ዘመሓላለፍዎ ተዛሪቦም።

ምድምማፅን ልዕሊ ዶብን ርእዮተ ዓለምን ዝኾኑ ምሕዝነታት ምፍጣርን ምኽኣል ብዝሓበረ ቅልፅም ንመፃኢ ወለዶ መንገዲ ብሩህ ተስፋ ንምምችቻው ሎሚ ኣህጉራዊ ምሕዝነታት ምጥንኻር ከምዝግባእ ብምግላፅ፤ ሰላም ብባህሪኡ ብሰብ ስራሕ ዶብ ዘይሕፀር ናይ ኩሉ ምኳኑ ብምርዳእ ኣፍሪካውያን ብመንፈስ ፓን ኣፍሪካኒዝም ንሰላም ኢድ ንኢድ ብምትሕሓዝ ክጎዓዙ ከምዘለዎም መልእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

ከምኡ 'ውን ኣፍሪካውያን ብዝሓነቶም ተጠቒሞምና ጠንካራ ኣህጉራዊ ሓድነት ብምፍጣር ንፀገማት ኣፍሪካ ኣፍሪካዊ መፍትሕታት ብምንዳይ ሓሳባት ብምውዳድ ናብ ዘላቒ ሰላም ዘብፅሕ መንገዲ ክቕይሱን ክጎዓዙን ከምዝግባእ ኣብዚ መድረኽ ካብ ዝተለዓሉ መልእኽታት 'ዩ።

ብተወሳኺ ናብ ኣህጉራዊ ሰላምን ብልፅግናን ዝወስድ መንገዲ ብሓድነት ጠጠው ምባል ከምዝግባእን በዚ መሰረት 'ውን ኢትዮጵያ ብሃገራዊ ምኽክር ዘላቒ ሰላምን ንምስፋንን ብሔራዊ ምርድዳእ ንምፍጣርን እናሰረሐት ከምዘላ 'ውን እቶም ምኒስተር ብምግላፅ፤ ንዝቕፅል ወለዶ ዝሓሸት ኢትዮጵያ ዝሐሸት ኣፍሪካን ንምፍጣር ዘላቂ ሰላም 'ውን ንምርግጋፅ ኣድላይ ከምዝኾነ ይገልፁ።

ኢትዮጵያ ኣብታ ኣህጉር ዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕ ብቆራፅነት እናሰርሐት ከምዘኾነትን ኣብዚ ዝተገለፀ ኮይኑ፤ ሃገራት ኣፍሪካ ንኣፍሪካዊ ፀገማት ኣፍሪካዊ መፍትሒታት መንግዲ ሰላም ገይሮም ብምትሕብባር ክትኣሳሰሩ ከምዝግባእን በዚ መሰረት ኢትዮጵያ ንሓድነት ህብረ ብሔራዊ ኣብ ህንፀት ትርክቲ እናሰረሐት ከምዝኾነትን እዚ ድማ ንህንፀት ሰላምን ሓድነትን ኩሉ ሓቆፍ ብዝሓነት መሰረት ዝገበረ ምኳኑ ካብዚ ብተወሳኺ መርሃ ግብሪ ሓምላዋይ ዓሻራ ተግባራዊ እናተገበረ ምኳኑ ሓለዋ ከባቢ ምስ ህንፀት ሰላም 'ውን ከም ዝመጋገብ ተሓቢሩ 'ዩ።

ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ሰላምን ምርግጋዕን ንምርግጋፅ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ እናበርከተት ምኳና ዝገልፁ ድማ ኣብ ሕብረት ኣፍሪካ ኮሚሽነር ፖለቲካ፣ ሰላምን ድሕንነትን ዝኹኑ ኣምባሳደር ባንኮሌ ኣዲዎዬ፤ ኣብ ኣፍሪካ ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት ንምዕዋት ዘላቒ ሰላምን ድሕንነትን ኣብ ምርግጋፅ ብትኹረት ክስራሕ ኣለዎ ብምባል ኣብዚ መዳይ ኢትዮጵያ ሰላም እቲ ዞባን እታ ኣህጉርን ንምርግጋፅ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ እናበርከተት ከምዝኾነት ይገልፁ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝነበረ ኩናት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ካብ ዘርኣዮ ቆራፅነት ብተወሳኺ ብሽግግር ፍትሒ ዘላቒ ፍትሕን ሰላምን ንምርግጋፅ መርኣያ ዝኸውን ስራሕ እናሳለጠ ከምዝኾነ ብምዝኽኻር፤ ብተወሳኺ 'ውን ነበር ዕጡቓት ዕጥቂ ብምፍታሕ ናብ ሕብረተሰቦም ተፀምቢሮም ስሩዕ ሂወቶም ንክመርሑ ብቢልዮን ዝቑፀር ገንዘብ መዲቡ ናብ ተግባር ምእታዉ ይንእዱ።

እቲ ኮንፈረንስ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ምድላዉ ፍሉይ ሓጎስ ፈጢሩለይ ዝበሉ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስትታት ኣብ ኢትዮጵያን መተሓባበሪ ሰብኣዊ ሓገዝን ራሚዝ ኣላክባሮቭ (ዶ/ር) እቲ ኮንፈረንስ ሰላም ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሃገራት ኣፍሪካን እታ ኣህጉርን 'ውን ጠቓሚ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ውድብ ሕቡራት መንግስትታት ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ኢሉ 'ውን ኣብ ዓለም ሰላም ንክረጋገፅ ንትገብሮ ፃዕሪ ከምዝድግፍ ገሊፆም 'ዮም።

ውድብ ሕቡራት መንግስትታት 'ውን ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ሰላምን ድሕንነትን ንክረጋገፅ ንትገብሮ ፃዕሪ ደገፍ ከምዝገብር ብምሕባር፤ሰላምን ድሕንነትን ዓለም ንምርግጋፅ ሰላም ኣፍሪካ ምሕላው ወሳኒ ከምዝኾነን ነዚ ድማ ብሓባርን ብምትሕብባርን ምስራሕ ዝግባእ መልእኽቲ የሕልፉ።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኣብ ብርክት ዝበሉ ቕርስታት ሃገርና ናይ ፅንዓትን ፅገናን ስራሕቲ እና ሰራሕና ንርከብ››

-ኣይተ ፋንታ በየነ፣
ኣብ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ፣ ሓላፊ ዴስክ ስራሕቲ ልምዓት ቅርስታት



መኣርግ ገ/ሄር

ቅርስታት ብተፈላላዩ ምኽንያታት ጉድኣት ይበፅሖም 'ዩ:: ንሳቶም ድማ ብሙቐት፣ ዛሕሊ፣ ማይ፣ ኹናት ካልኦት ተፈጥሮኣዊን ሰብ ስራሕን ክኾን ይኽእል 'ዩ:: ከምዚኦም ዝበሉ ኩነታት ኣብ ቅርስታት ምብስባስ፣ምሽርራፍ ዝመሳሰሉ ኩነታት ስለ ዘስዕቡ እተ ቅርሲ ናይ መጀመርታ ትሕዝትኡ ይስእን ወይ ከምዘይነበረ ክኾን ይኽእል:: ብምኳኑ በዞም ኩነታት እዚኦም ቕርስታት ከይጠፍኡ እንታይ ክግበር ኣለዎ? እንተይልና ብጥንቓቐ ክታሓዙ ኣለዎም 'ዩ እተ መልሲ:: ብጥንቓቐ ክታሓዙ ኣለዎም ከንብል እንተለና ምስ ዘለዎም ረብሓ ተተሓሒዙ 'ዩ:: ምኽንያቱ ንመፃኢ ወለዶታት ናይ ቀዳሞት ኣቦታት ስራሕቲ ወይ መንነት ንናይ ህልውን ቀፃልን ወለዶ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ሓሊፎም ፍልፍል ቱሪዝም 'ውን ስለዝኾኑ 'ዩ:: ንሕሉፍ ታሪኽን ባህልን ሓደ ህዝቢ ዝውክሉ ስለዝኾኑ 'ውን ክዕቀቡ ኣለዎም:: ክዕቀቡ እንተለዉ ናይ ሕሉፍ ኩነታት ንምርዳእን ንምግላፅን ይሕግዙና:: ቅርሲታት ናይ ሕሉፍ ፖለቲካ፣ ሕብረተሰብ፣ ንግዲን ኣረኣእያ ዓለምናን ንምፍላጥ ዓቢይ ተራ ዝፃወቱ ብምኳኖም ንናይ መፃኢ ኩነታት ንምምሃርን ንምግማትን ዝሕግዙ 'ዮም:: እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ቅርስታት ብፍላይ ኣብ ሃገርና ከንርኢ እንተለና ብተፈላላዩ ምኽንያታት ማለት ብሰብ ስራሕን ተፈጥሮን ዝተፈላላዩ ጉድኣታት ክበፅሖም ንዕዘብ ኢና:: ምስ እዚ ተተሓሒዙ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ኣብዚ በጀት ዓመት 2017 ዓ.ም ቅርስታት ኣብ ምፅጋንን ክንክንን ብዝምልከት ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ምስተ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናትን ካልኦት ሰብ ስራሕን ተፈጥሮን ተተሓሒዙ ዝበፅሖም ጉድኣት ኣብ ምፅጋንን ምሓዝን እንታይ ይመስል ብዝብል ምስ ኣብ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ሓላፊ ስራሕተ ዴስክ ልምዓት ቅርስታት ዝኾኑ ኣይተ ፋንታ በየነ ከምዝስዕብ ፃኒሒት ገይርና ኣለና:: ሰናይ ንባብ!

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ በጀት ዓመት 2017 ዓ.ም ምስ ምፅጋንን ምሕላውን ቅርሲታት ተተሓሒዙ ክፅገኑ ዝተሓሰቡ፣ እናተፀገኑ ዝርከቡን ከምኡ "ውን ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣብዚ ርብዒ ዓመት ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንተልዮም ተዝገልፁልና?**

**ኣይተ ፋንታ፡-** ኣብ ናይ በዓል መዚ ሓለዋ ቅርሲ ኢትዮጵያ ከም ሓላፊ ዴስክ ሓለዋን ልምዓትን ቅርሲ ዘሳልጠም ስራሕቲ ኣለዉ፤ ብመንፅር ኣብዚ ዓመት ዝሓዝናዮ ትልሚ፣ እቲ ሓደ ዓሚ ተፀኒዖም ናብዚ ዓመት እዚ ዝተዘዋወሩ ትልምታት ስራሕቲ ኣለዉ፤ ነዚኦም ንምጥንኻር ጨረታ ወፂእሎም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ዘኽእል ስራሕ ምስራሕ 'ዩ:: እቲ ካልኣይ ኣብዚ ዓመት እዚ ድማ ክልተ ዓይነት ስራሕ ኢና ንሰርሕ ዘለና:: እቲ ሓደ ክፅገኑ ዝግበኦም ቕርስታት ናይ ፅንዓት ስራሕቲ ምስራሕ 'ዩ::

ካሊእ ከምቲ ቕድም ኢለ ዝበልክዎ ክፅገኑ ዝተፀነዑ ቕርስታት ናይ ምፅጋን ስራሕቲ ምስራሕ 'ዩ:: ስለዚ ብምንፅር እዚ ንሕና ኣብዚ ዓመት፣ ቐዳማይ ካብ ናይ ዓሚ ናብ ናይ ሎሚ ዘበን ክስርሑ ዝተዛዋወሩ ምፅጋን ቕርሲ ማለት ዓሚ ተጀሚሮም ፅገኑኦም ዘይተወድኡ ኣብዚ ሕዚ እዋን 'ውን ኣብ ከይዲ ፅገና ይርከቡ:: ከምዚኦም ዝበሉ ፅገኑኦም ክውድኡ ናይ ምክትታል ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ:: እዚ ከም ትልሚ ተታሒዙ እናተሰርሐሉ ይርከብ:: ካብዚ እቲ ሓደ ናይ ድሬ ዳዋ ምድሪ ባቡር ተርሚናል ዓሚ ዝተጀመረ ስራሕ ኣሎ እዚ ናይ ምዝዛም ስራሕቲ እናተሰርሐ ይርከብ::

ካሊእ ኣብ ሃረር ታሪኻዊ ስፍራ ኣሎ እዚ 'ውን እናተፀገነ ይርከብ:: እዚ ናይ ምዝዛም ስራሕ ንምስራሕ ተተሊሙ እናተሰርሐ ይርከብ:: ከምዚኦም ዝበሉ ዓሚ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ናይ ምዝዛም ስራሕቲ ይስራሕ ኣሎ:: ካሊእ ዓሚ ተፀኒዖም ሎሚዘበን ናብ ስራሕ ክኣትዉ ናይ ምግባር ስራሕ ይስራሕ ኣሎ:: ካብዚኦም እቲ ሓደ ናይ ልጂ እያሱ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ምብራቕ ሃረርጌ ዓሚ ፅንዓት ተገይሩ ፅንዓቱ ተዛዚሙ ናብ ናይ ፅገና ስራሕ ክኣቶ ሎሚዘበን ጨረታ ወፂእዎ ናብ ተግባር ንምእታው እናተንቐሳቀስና ንርከብ::

ካሊእ ድማ ዓለምለኸ ቕርሲ ዝኾነ ናይ ጌድኦ ዓሚ ፅንዓት ተኻይዱ ብኡ መሰረት ናይ ልምዓት ስራሕ ትልሚ ተሰሪሑ ነይሩ ማለት ናይ ትልሚ ፅንዓት ብኡ መሰረት እቲ ፅንዓት ተዛዚሙ፣ እቲ ቕርሲ ብምንታይ ኣግባብ ክለምዕ ኣለዎ ብዝብል፣ ቐዳማይ ብመንፅር ናይቲ ቕርሲ ከባቢ ምስ ምልማዕ ተተሓሒዙ፤ ካሊእ ናብቲ ቕርሲ ዝወስዱ መንገዲታት ጊልቦርድ ጠጠው ናይ ምባል ስራሕ፣ ናብቲ ቕርሲ ዝወስዱ መንገዲታት ናይ ምስራሕን ከባቢ እቲ ቅርሲ ናይ ምልማዕን ዘድልዩ ነገራት ናይ ምስራሕን ንኣብነት ከም ሽቃቅ ምስራሕ ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ንምስራሕ እናተንቐሳቀስና ኢና ንርከብ::

ካሊእ ናይ ኣብ ቤንሻንጉል ዝርከብ ቤተመንግስቲ ኣሎ፣ እዚ ዓሚ ተፀኒዑ ጨረታ ወፂእሉ ናብ ስራሕ ክእቶ ዝተገበረሉ ምንቕስቓስ ወይ ተኣተወሉ ኣሎ፤ ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ኮንትራክተር እናሰርሐ ዝርከብ ኮይኑ፤ ኣብዝሓለፈ ሰሙን ሰብ ክኢላ ርእዮሞ ዝመፅሉ ኮነታት ኣሎ፤ ስለዚ ናይ ምክትታልን ስራሕቲ እናተሰርሑ 'ዮም ዝርከቡ:: ኣብዚ ናይ መጀመርያታ ርብዒ ዓመት ከምዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ይርከቡ::

ካሊእ ኣብ ክልል ኣምሓራ ከተማ ደብረማርቆስ፣ ኣብ ደብረማርቆስ ቤተክርስትያን ዝርከቡ ጥንታዊ ናይ ግድግዳ ስእልታት ማለት ታሪኻዊ ስእልታት ምስ ናይ ግዜ ንውሓት ተተሓሒዙ ናይ ምህሳስን ሓደ ሓደ ፀገማትን እናበፅሖም ዘለዉ ብምኳኖም እዚኦም ጨረታ ወፂኡ ሰዓራይ ተፈልዩ ኣብ ዝሓለፉ ሳምንታት ናይ ስራሕ ርኽክብ ምስ ዝሰዓረ ኮንትራክተር ናይ ስራሕ ርኽክብ ዝተገበረሉ ኮይኑ ኣብ ናይ ግድግዳ ዘለዉ ስእሊታት ናይ ፅገና ስራሕቲ ንምግባር ዝተንቐሳቀስናሉ ኩነታት ኣሎ::

ኣብ ትግራይ 'ውን ዝተፈለላላዩ ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ፤ ኣብ ሓወልቲ ኣክሱም ፅንዓት ተኻይዱ ንምፅጋን ኣብ ምንቕስቓስ ንርከብ፤ ኣብ ኣብርሃ ወኣፅብሓ ቤተክርስትያን ናይ ፅንዓት ስራሕቲ እናተሳለጡ ይርከቡ፤ ከምኡ 'ውን ኣብ ከም ኣቡነ ኣፍፄ ቤተክርስትያን ዝመሳሰሉ ቕርስታት ናይ ፅገናን ልምዓትን ስራሕቲ እናሳለጥና ንርከብ:: ብሓፈሩ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ ብትልሚ ሒዝና እናተንቐሳቐስና ኢና ንርከብ:: ካሊእ ናይ ጎንደር ቤተመንግስቲ 'ውን እናተፀገነ ይርከብ እዚ ግና ብቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስቴር ዝሳለጥ ኮይኑ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ናይና ስራሕ ምክትታል ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ::

ኣብ ካልኦት ከም ኮንሶ ዝበሉ 'ውን ኣብ ትልምና ብምክታት ፅንዓት እናካየድና ኢና ንርከብ:: መጀመርያ ንትልም ማለት ኣብዚ ዓመት እዚ እንታይ እንታይ ስራሕቲ ከንሰርሕ ከምዘለና ምስ ተለምና ካብኡ ናብ ፅንዓት ኢና ንኣቱ:: ፅንዓት ምስተወደአ ኢና ናብ ተግባር ንኣቱ:: ሎሚ ዘበን ብዝተለምናዮ መሰረት ፅንዓት ነካይደሎም ቅርስታት ኣለዉ:: እቲ ሓደ ኣብ ኮንሶ ንገብሮ ፅንዓት ዩ:: ቕድሚ ሕዚ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ፤ ማለት ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ቅርታት እሴታት ምትንታን ኢንተርፕሬት ምግባር፣ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ንምስራሕ ዝተጀመሩ ናይ ምፅጋን ስራሕቲ ንምኪያድ እናተንቐሳቐስና ኢና ንርከብ::

ካሊእ ኣብ ጅግጅጋ ወይ ኣብ ክልል ሱማሌ ጥንታዊ ቕርሲ ኣሎ፣ ኣብዚ ፅንዓት ብምግባር ናይ ምፅጋን ስራሕቲን ልምዓትን ንምግባር ኣብ ምድላው ኢና ንርከብ:: ዝተፈላላዩ መፅናዕቲ እናተኻደሎም ዝርከቡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ቕርስታት 'ውን ኣለዉ:: ከምዚኦም ዝበሉ ብትልሚ ተታሒዞም እናተሰርሐሎም ይርከቡ:: ካሊእ ኣብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ እናተፀገኑ ዝርከቡ ቕርስታት ኣለዉ:: ካሊእ 'ውን ኣብ ኢልባውር ኢንግሊዝ ቖንስላ ቤት ፅሕፈት ናይ ፅገና ስራሕ ኣሎ፤ ዳርጋ ናብ ምዝዛም ገፁ 'ዩ ዝርከብ:: በቢቦትኡ ዝርከቡ ቕርስታት ፈሊና ብምፅናዕ ኣብ ምፅጋንን ምልማዕን ኢና ንርከብ::

> **ኣብ ትግራይ ዝተፈሳለዩ ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ፤ ኣብ ሓወልቲ ኣክሱም ፅንዓት ተኻይዱ ንምፅጋን ኣብ ምንቕስቓስ ንርከብ**

**ወጋሕታ፡- ኣብ ትግራይ ክልል ዝርከብ መስጊድ ኣልነጃሽ በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ጉድኣት በፂሕዎ ከምዝነበረ ይፍለጥ "ዩ:: ኣብዚ ጉዳይ እዚ እንታይ ዝተሓሰበ ነገር ኣሎ?**

**ኣይተ ፋንታ፡-** ኣብ ቕርሲ ኣልነጃሽ ከም በዓል መዚ ሓለዋ ቅርሲ ኢትዮጵያ ዝተሓሰበ ነገር ይሃሉ ኣይሃሉ ንግዚኡ ኣነ ሓበሬታ የብለይን:: የምናልባሽ ሓለፍቲ ዝፈልጥዎ ነገር ተሃልዩ ምርግጋፅ ይሕሽ፤ ከም ዝመስለኒ ግና ኣብዚ ጉዳይ እዚ የምናልባሽ መንግስቲ ዝሓዞ ጉዳይ ክህሉ ይኽእል 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ::

**ወጋሕታ፡- እስቲ እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ቅርስታት ብናይ ተፈጥሮ ይኹን ሰብ ስራሕ ኩነታት ዘጋጠመ ጉድኣት ኣብ ምፅጋን ዝሰርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ብፍላይ ቅድሚ ሕዚ ናይ ኣክሱም ሓወልቲ ንምፅጋን ቅድሚ ኩናት ምስ ናይ ጣልያን ኩባንያ ውዕል ተኣሲሩ ዝነበረ ኮይኑ ነገር ግን ብሰንኪ እቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ተቛሪፁ ፀኒሑ "ዩ፤ እዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?**

**ኣይተ ፋንታ፡-** ትኽክል 'ዩ ብሰንኪ እቲ ዘጋጠመ ኩናት ተቋሪፁ ፀኒሑ ነይሩ 'ዩ:: ሕዚ ግና ከም እንደጋና ንምጅማር ኣብ ምንቕስቃስ ንርከብ:: ኣብ 26 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ስራሕቲ ፅገና ሓወልቲ ኣኽሱምን መቓብር ነገስታትን ንምትግባር ስነ-ስርዓት ምፍርራምን ምትሕልላፍን እቲ ቦታ ተኻይዱ 'ዩ:: በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ንመፅናዕቲ ሓወልቲ ኣኽሱም ቁፅሪ 3ን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ መቓብራት ነገስታትን ኣብ ከተማ ኣኽሱም ርኽክብ ተኻይዱ 'ዩ። እቲ በዓል መዚ ምስ ኣማኻሪ ኩባንያ ብምኳን ምሉእ ዳህሳስ መፅናዕቲ ፅገና ሓወልቲ ኣክሱም ቁፅሪ 3ን መቓብር ነገስታትን ከምኡ 'ውን ብሪክ ኣርከን ምድላው ተገይሩ 'ዩ:: ሰነድ ገምጋም ፅልዋ ፅገና ቅርስታት/Heritage impact Assesement/ ምድላው ከምኡ 'ውን ኣብ እዋን ናይ ፅገና ስራሕ ስነ-ስርዓት ውዕል ምፍራም ናይ ምምኽኻርን ተግባር ክትትልን /Follow up and Supervision / ንምኪያድ ዘኽእል ናይ ውዕል ስምምዕ ምስ ኤም ኤች እንጂነሪንግን ስትድዮ ክሮቺ ናይ ፈርማ ስነስርዓትን ናይ ሳይትን ርኽክብ ተሳሊጡ 'ዩ::

ሓወልቲ ኣክሱም ቁፅሪ 3ን መሰረቱ እናተናህለ ከምኡ 'ውን ካልኦት ተዛመድቲ ጉድኣትን ስለ ዝተኻተቱ

"ኣብ ብርክት ዝበሉ...ገጽ 6



# ዕዱም ጋሻ



## ‹‹ኣብ ብርክት ዝበሉ...

መሰረት ብምግባር በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ኤምኤች ኢንጅነሪንግን ናይ ኢጣልያ ስቱድዮ ክሮቺ ኣማኻሪ ትካላትን ብምኳን ናይ ቐድመ ፅገና ፅንዓት ካብ 2008 ክሳብ 2010 ዓ.ም ክሰርሑ ብምፅናሕ ሰነድ ፅንዓት ኣብ ከተማ ኣክሱም ኣብ ዝተገብረ መድረኽ ምኽክር ክፀድቕ ተገይሩ 'ዩ። ነቲ ስራሕ መፈፀሚ ፅንዓት ዝኸውን 115 ሚልዮን ብር ተመዲቡ እቲ ስራሕ ኣብዝቕፅሉ ከባቢ ትሽዓተ ኣዋርሕ ዝሳለጥ 'ዩ ዝኸውን። ብተወሳኺ እቲ መፅናዕቲ ብዩኔስኮ ክግምገም ተላኢኹ ተወሳኺ መብርሂታትን ሕቶታትን ናብቲ በዓል መዚ ቀሪቡ፣ እቲ በዓል መዚ ተወሳኺ መብርሂ ሰነድ ከዳሉ ክኢሉ 'ዩ። ስራሕቲ ፅገና ንምክያድ ካብ ሮማ ብምምፃእ ጠጠው ዘበሎ ንቁፅሪ 2 ሓወልቲ ላታንዚ ዝተባህለ ናይ ጣልያን ኩባንያ ብምቑፃር ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ስራሕቲ ፅገና ንምዝዛም ውዕል ብምእታው ስራሕቲ ሓለዋን ክንክንን ቅርስታት ንምስላጥ ዝሕግዙ ንብረት ዝሓዙ ኮንተይነራት ናብ ከተማ ኣክሱም ሰዲዱ 'ዩ።

እቲ መፅናዕቲ ካብ ዝፅናዕ ግዜ ኣትሒዙ ንልዕሊ ሸሞንተ ዓመት ዝፀንሐ ብምኳኑ፣ ኣብቶም ቕርስታት ዘሎ ኩነታት ጉድኣት ሰኒድካ ሳይንሳውን ቅቡልነትን ዘለዎ መፍትሒ ምቕማጥ ኣድላዪ 'ዩ፤ ከምኡ 'ውን ብሰንኪ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ መሬት ተወሳኺ ስግኣታት ብምፍጣሩ ቑፅሪ 3 ሓወልቲ ኣክሱምን ቤተ መዘከር መቓብር ነገስታትን ከምኡ 'ውን ብሪክ ኣርክ (ካብ ጭቃ ዝተሰርሐ ንመንደቅ ዝጠቅም ጡብ) ብምኽንያት እንተይተፀገነ ብምፅንሑ ኣብ ከቢድ ጉድኣት ስለዝርከብ ነቲ ተቛሪፁ ዝፀንሐ ስራሕ ፅገና ንምቕፃልን ቅልጡፍ ፍታሕ ንምሃብን ነቲ መፅናዕቲ ምኽላስ ኣድላይ ኮይኑ ተረኺቡ 'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ ናብ ተግባር ንምእታው ቕድሚ ሕዚ ብኣማኸርቲ ኩባንያታት ቅድሚ ልዕሊ ሸሞንተ ዓመት ተፀኒዑ ዝነበረ መፅናዕቲ ብምምሕያሽ ስራሕቲ ፅገና ንምስላጥ ብምሕሳብ ናብ ስራሕ ተኣትዩ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝሃብኩና ሓበሬታ የቐንየልና።**

**ኣይተ ፋንታ፡-** ኣነ 'ውን የቐንየለይ።

## ‹‹እቲ ለውጢ ምስ...

ለውጢን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

ፕሬዚዳንት ፓርቲ ብልፅግናን ቀዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢን ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) እዚ ዘበን ኢትዮጵያ መሊሳ እትብርኸሉ ንክኸውን ብሓባር ንላዓል ክብሉ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ኣብ መልእኽቶም፣ ናይዚ ለውጢ መሪሕን ውፅኢትን ናይ ዝኾነ ፓርቲ ብልፅግና መበል ሓምሻይ ዓመቱ እንትነኽብር ዝሓለፉ ዓወታት ቆፂርናን ኣማዕቢልናን ብምቕፃል፣ ፈተናታትና ብምውፃእን ስሕተታትና ብምእራምን ክኸውን 'ዩ ኢሎም።

ናይቲ ለውጢ ቃልሲ፣ ስራሕን ውፅኢትን እዚ ለውጢ ልዕሊ ሓደ ፓርቲ 'ዩ ብምባል፣ ረብሕኡ 'ውን ሃገራዊን ንኹሉ ዓይነት ማሕበረሰብ ከምዝኾነን ብምግንዛብ፣ በቲ ለውጢ ዝተረኽቡ ፍረታት ናይቲ ጅማሮ ቅኑዓት ኣመላኸቲ ከምዝኾኑ 'ውን ተዛሪቦም።

ስለዝኾነ ኣመራርሓን ኣባላትን እቲ ፓርቲ፣ ኣመራርሓን ኣባላትን ተነሓናሕቲ ፓርቲታት፣ መልላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ እቲ ለውጢ ሰኺኑን መሰረት ሒዙን፣ እዚ ዘበን ኢትዮጵያ መሊሳ እትብርኸሉ ንክኸውን ብሓባር ንክንለዓልን ክንቃለስን በዚ ኣጋጣሚ ፃውዒተይ ኣቕርብ ኢሎም።

ብፀቕጢ ህዝብን ፓርቲን ዝመፅአ ሃገራዊ ለውጢ ፈላማይ መዕራፉ ይሳገር ከምዘሎን ኣብዚ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይቲ ለውጢ ሓሳባት ብቃልን ተግባርን ከምዝተገለፁን ብምሕባር፣ ናይዚ ለውጢ ፈተናታት 'ውን ኣካል ረኺቦም ብዝግባእ ብምቕላዕ ህዝቢ ፈሊጡ ንኽቃለሶም ከምዝተገበረ ኣገንዚቦም።

እዚ ድማ ናይቲ ለውጢ ፍረታት ንምብዛሕ፣ ናይቲ ለውጢ ፈተናታት ንምምብርካኽ ዕድል ከምዝፈጠረ ተዛሪቦም።

ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓማውቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘበናዊ ናይ ፖለቲካ ታሪክ ዝሕተቱ ዝነበሩ ሕቶታት ካብ ቃል ዘሊሎም ተግባራዊ ምላሽ ከምዝረኸቡ ብምግላፅ፤ ናይ ፖሊሲ፣ ሕግን ኣሰራርሓን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ባህሊ ለውጢ ኣምፂእና ኢና ብምባል፣ እቲ ለውጢ ዝሓለፉ ናይዛ ሃገር ስብራታት ዝፀገን፣ ሎሚ ንዘሎ ኩነታት ዝምጥንን ናይ ፅባሕ ጉዕዞ ኢትዮጵያ ዘመዓራሪን ከምዝኾነ ገሊፆም።

ናይዚ ዘበን ለውጢ መራሒ ፓርቲ ዝኾነ ብልፅግና መበል ሓምሻይ ዓመቱ ኣብ ዘኽብረሉ እዋን፣ ናይ ብልፅግና ምምስራት፣ ኣብ ዘበናዊ ታሪክ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ናይ ፓርቲታት ፖለቲካ ታሪክ ምኳኑ ዘረጋገፀ ከምዘኾነ ኣብ መልእኽቶም ሓቢሮም።

እቶም ፓርቲታት ፖለቲካ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ንቕሓት ፖለቲካ ንክፍጠር ከምዝገበሩ ብምግላፅ፣ ኣወዳድባ ፖለቲካ ከምዘምፀአ ሓቢሮም።

ንዕውት ውፂኢትና ቖፂርናን ኣጎልቢትናን ብምቕፃል ንፀገማትና ብምፍላይን ንጌጋታትና ብምእራምን ይኸውን፤ ቃልሲ ንለውጢ ስራሕ ንለውጥን ውፂኢትን ልዕሊ ሓደ ፓርቲ 'ዩ፤ ረብሑ 'ውን ሃገራውን ንኹሉ ዓይነት ማሕበረሰብ 'ዩ ፤ ልዕል ኢሎም ዝተፀርሑ መርኣያታት ንጅማሮታትና ትኽክለኛ መርኣያታት 'ዮም ክብሉ ኣብሪሆም።

ኮይኑ ግና ምጅማርና እንበር ምዝዛምና ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ኣባላትን ኣመራርሓን፣ ተናሓናሕቲ ፓርትታት ፖለቲካ፣ መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ፣ እቲ ለውጢ መሰረትን ሱሩን ሒዙን ሰኺኑን ንክኸውን ብሓባር ንምቕላስ ፃውዒት ቕሪቦም፡፡

## ሓደጋ ኣንፀላልይዎም...

ተቛሪፁ ፀኒሑ ሕዚ ከም እንደገና ተወሳኺ ፅንዓት ተገይሩ ኣብዚ ሕዚ እዋን ንምፅጋን ኣብ ምንቕስቓስ ንርከብ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ ምስራቤት መጀመርያ ፅንዓት ንምክያድ ብምትላም ናብ ፅንዓት ይኣቱ፤ ፅንዓት ምስ ተወደአ ድማ ናብ ተግባር ከምዝኣቱ ዝጠቕሙ እቶም ሓላፊ፤ ኣብ ትግራይ ከንርኢ እንተለና ካብ ሓወልቲ ኣክሱም ወፃኢ ኣብ ካልኦት ቅርስታት እቲ ክልል 'ውን ዝተፈለላላዩ ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ ክብሉ ገሊፆም፡፡

ኣብ ሓወልቲ ኣክሱም ፅንዓት ተኻይዱ ንምፅጋን ኣብ ምንቕስቓስ ንርከብ፤ ኣብ ኣብርሃ ወኣፅብሓ ቤተክርስትያን ናይ ፅንዓት ስራሕቲ እናተሳለጡ ይርከቡ፤ ከምኡ 'ውን ኣብ ከም ኣቡነ ኣፍፄ ቤተክርስትያን ዝመሳሰሉ ቕርስታት ናይ ፅገናን ልምዓትን ስራሕቲ እናሳለጥና ንርከብ ኢሎም።

ብፍላይ ብሰንኪ እቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ፅገና ሓወልቲ ኣክሱም ተቋሪፁ ምፅንሑ ብምዝኽኻር ሕዚ ግና ተወሳኺ ፅንዓት ተኻይዱ ናይ ምፅጋን ስራሕቲ ንምክያድ እቲ ምስራቤት ኣብ ምንቕስቃስ ከምዝርከብ ተዛሪቦም።

ኣብ 26 ጥቅምቲ ስራሕቲ ፅገና ሓወልቲ ኣኽሱምን መቓብር ነገስታትን ንምፅጋን ስነ-ስርዓት ምፍርራምን ርኽክብን እቲ ቦታ ከምዝተኻየደ ብምዝኽኻር፣ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ነቲ ከይዲ እናተኸታተሎ ከምዝርከብ ኣብሪሆም።

እቲ በዓል መዚ ምስ ኣማኻሪ ኩባንያ ብምኳን ምሉእ ዳህሳስ መፅናዕቲ ፅገና ሓወልቲ ኣክሱም ቁፅሪ 3ን መቓብር ነገስታትን ከምኡ 'ውን ብሪክ ኣርክን ምድላው ተገይሩ 'ዩ።

ውዕል ምፍራም፣ ምምኽኻርን ተግባር ክትትልን ንምክያድ ዝኽእል ናይ ውዕል ስምምዕ ምስ ኤም ኤች እንጂነሪንግን ስትድዮ ክሮቺ ናይ ፌርማ ስነስርዓትን ናይ ሳይትን ርኽክብ ተሳሊጡ 'ዩ ክብሉ ወሲኾም ኣብሪሆም።

## ፖለሲ ልምዓት ገጠርን ...

ቢሮ ሃብቲ ተፈጥሮን ሕርሻን ገሊፁ። ከምኡ 'ውን ኣብ ወረዳ ራያ ወራር ኣፅዋፍ ስለ ዝኣተዋ ግቡእ ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ ተባሂሉ፡፡

ሓድሽ ስትራተጂን ፖሊሲን ልምዓት ገጠርን ግብርናን ንመካናይዜሽን ግብርና ብምስፍፋሕ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ኣብ እቲ ዘፈር ንክዋፈሩ ዝዕድም ብምኳኑ ሰብ ሃፍቲ ናብ እቲ ክልል መፂኦም ኢንቨስት ንኽገብሩ ፃውዒት ቀሪቡ።

ሓላፊ እቲ ቢሮ ኢያሱ ኣብረሃ (ዶ/ር) ንግዚኢ ከምዝገለፅዎ፤ ሓድሽ ስትራቴጂን ፖሊሲን ልምዓት ገጠር ግብርና ንልምዓት እቲ ዘፈር ጡጡሕ 'ዩ፤ ቅድም ክብል ዝፀንሐ ፖሊሲ እቲ ዘፈር ዘየሳትፍን ፀገም ፋይናንስ ሓረስቶት ዘይፈትሕ ምንባሩ ኣዘኻኺሮም ።

"ብዘፈር ሕርሻ ንጉልበት ሓይሊ ሰብ ዝትክእን ንመፍረያይነት ዘደንፍዕ ቴክኖሎጂ የድሊ" ዝበሉ ዶክተር እያሱ ሓድሽ ስትራተጂፖሊሲልምዓት ገጠርን ግብርናን ነዚ ዝትግብርን ዕዳጋ ተኮር ፍርያት ዘፍሪ ሓረስታይ ዝፈጥር ምኳኑ ገሊፆም።

ብኻሊእ ወገን ኣብ ወረዳ ራያ ጨርጨር ባግኤደልቦ ዝበሃል ቦታ ዒፍ ዋጃ ዝበሃላ ዕስለ ወራር ኣዕዋፍ ስለዝኣተዋ ሕብረተሰብ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብር ከምዘለዎ ምክትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮ ትግራይን መተሓባበሪ ዘፈር ሃፍቲ ተፈጥሮን ውሕስና ምግብን ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈዮ ገሊፆም።

ኣብ ወረዳ ራያ ጨርጨር ባግኤደልቦ ዝበሃል ቦታ ዒፍ ዋጃ ዝበሃላ ዕስለ ወራር ኣዕዋፍ ኣትየን ከምዘለዋን ኣብቲ ዝኣተዋሉ ከባቢ ንምክልኻል ምንቅስቃስ ዝተጀመረ ኾይኑ እዚ ድማ ተጠናኺሩ ክቕፅል ከምዝግባእ ገሊፆም።

ሓፈሻዊ መበገሲ ኩሎም ሓደጋታት ለውጢ ኩነታት ኣየር (Climate Change) 'ዩ ዝብሉ ኣይተ ኣለምብርሃን፤ ሳዕቤን እዘን ዕስለ ወራር ኣዕዋፍ ዘራእቲ ብዘይምሕረት እንትኾና ብፍላይ ርሑስ እኽልን ሳዕርን ከምዝፈትዋ ብጣዕሚ ከምዘጥቅዓ ኣመላኺቶም።

እዘን ናብ ባግኤደልቦ ዝበሃል ቦታ ኣትየን ዘለዋ ዕስለ ወራር ኣዕዋፍ ናብ ካልኦት ከባብታት ክኣትዋ ከምዝኽእላ ብምሕባር፤ እቲ ዝተጀመረ ከይዲ ምእካብ ዘራእቲ ክጠናኸርን ቕድመ ምድላው ምክልኻል ክግበርን 'ውን ኣተሓሳሲቦም።

ከም ሓበሬታ ኣይተኣለምብርሃን፤ ካብ መከላኸሊ መንገዲ ዕስለ ወራር ኣዕዋፍ ሓደ ኣብ ዝዓረፋሉ ቦታ ብባህላዊ መንገዲ ምርባሽን ምብራርን ኮይኑ ከምኡ 'ውን ብኣየር ኬሚካል ብምንፃግን ምክልኻል ከምዝክኣል ኣብሪሆም።

## መዓልቲ ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ንሃገራዊ ምርድዳእ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ልዕሊ 76 ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብባህላዊ ኣከዳድና ደሚቖም፣ ብዝተፈላለዩ መጋየፅታት ኣጋይፆም፣ ባህላዊ ሙዚቅኦም እናዝየሙን ሳዕስዒቶምን እናሳዕሰዑን፣ በብቛንቁኦም እናተዛረቡን እናተረዳድኡን ብጉራማይለ ፅባቐ 29 ሕዳር የኽብሩ።

መዓልቲ ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ማዕርነት ብዙሓት ማለት 'ውን ማዕርነት ቋንቋ፣ ባህልን ሃይማኖትን ዘረጋገፀን ሃፍቲ ሃገር ብፍትሓውነት ናይ ምጥቃም መሰል ንዘጎናፀፈን 29 ሕዳር በቢዓመቱ የኽብሩ።

ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን 29 ሕዳር እንተኽብሩ ንዘይምርድዳእ ብዝፈትሕ ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ብዝሃንፅን ብዘፅንዕን መልክዑ 'ዩ። ናይ ሎሚዓመት መበል 19 በዓል መዓልቲ ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን "ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት" ብዝብል ቴማ ዝመፅእ 29 ሕዳር ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ ክኽበር 'ዩ።

እቲ መዓልቲ ኹሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና መንነቶም ንክኽበርን ኣብ ቐፃሊ ንፍትሒ፣ ነፃነትን ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምኽባርን ንምርግጋፅን ብሓባር ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ብሓባር ዝለዓልሉ መሰረት ዘንበረ 'ዩ። ርክባት፣ ምትእስሳርን ሓድነትን ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘጠናኽሩ ከምኡ 'ውን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ቱባ ባህልታቶምን እሴታቶምን ዘፋልጥሉ ዕድል 'ውን ዝፈጠረ 'ዩ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ህፃናትን ማሕበራዊ ጉዳይ ቦሌ መራሒት ጉጅለ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ፍረህይወት ለገሰ ንትፕኢ ኣብ ዝሃብኦ ርኢቶ፤ መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት 29 ሕዳር ምኽባሩ ሃገራዊ ሓድነትን ምርድዳእን ዘፅንዕ 'ዩ፤ ከምሃገር እናጋጠሙ ንዝርከቡ ዘይምርድዳኣት ብምክእኣልን ብምክብባርን ፍታሕ ንኽረኽቡን ህዝብታት ብሰላም ንኽነብሩን ዝገብር 'ዩ ይብላ።

በቢዓመቱ ዝኽበር መዓልቲ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን 29 ሕዳር ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብር ኹሉ ዜጋ ብዓሌት፣ ብሃይማኖትን ብሄርን ከይተፈላለየ ሰብ ብምኳኑ ተኸቢሩ ብማዕርነት ንኽነብር ዝገብር 'ዩ፤ ዜጋታት ብማዕርነት ምንባሮም ሰላምን ሓድነትን ክቕፅል ይገብር ክብላ ርኢቶአን ሂበናና።

29 ሕዳር ዝኽበር በዓል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣፈላላይና ድምቀትና፤ ንሓድነትና ፅባቐ ምኳኑ ዘርእይ 'ዩ፤ ብዓሌት፣ ሃይማኖትን ቋንቋን ከይተፈላለና ተሓባቢርና ብሓድነት ንኽንነብር ዝገብር 'ዩ፤ እዚ 'ውን ሃገራዊ ምርድዳእ ዘፅንዕ 'ዩ ክብላ የብርሃ።

ኣብ ሃገራዊ ምርድዳእ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ዓብዪ 'ዩ፤ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት፣ ሰናይ ፍቓድን ህንፀት ሰላምን እናተፃወትኦ ዝርከባ ግደ ዓብዪ 'ዩ። ኣብ ኣፈላላይ ጉራማይለ ፅባቐ፤ ኣብ ጉራማይለ ፅባቐ ድምቀት፤ ኣብ ኣፈላላይ ሓድነት ዝስትውዐለሉ መዓልቲ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን 29 ሕዳር ምኽባሩ ኢትዮጵያዊነት የምህር፤ ይሰብክ 'ውን ኢለን።

ኣካቢት ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ክፍለ ከተማ ኣቃቂ ቃሊቲ ወይዘሮ መቅደስ ተከሉ ብወገነን፤ መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት 29 ሕዳር ምኽባሩ ሰላምን ሓድነትን ዘረጋግፅ፤ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዘማዕብል 'ዩ ክብላ ተዛሪበን። ኣፈላላይና ዘባእሰናን ዘጓንፀናን ከይኾነስ ፅባቐና 'ዩ፤ ነቲ ፅባቐና ዝኾነ ኣፈላላይና ብምክእኣል፤ ብሓድነት ንኽንነብር እሴታትናን ባህልናን ክኽበሩ ኣለዎም፤ ባእስን ሞገትን ገዲፍና ብሰላምን ሓድነትን ክንነብር ኣለና ይብላ።

ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ደስ ዝብልን ዘኹርዕን መንነት ኣለዎም፤ ብዘኹርዕ መንነት ብሰላምን ብፍቕርን ምንባር ኣድላዪ 'ዩ። ኢትዮጵያ ብብሄር ብሄረባት ዝተወቐረት 'ያ፤ እቲ ሓደ ናይቲ ኻልእ ባህሊ፣ ቋንቋን ሃይማኖትን ኣኽቢሩ ብፍቕርን ሓድነትን ክነብር ኣለዎ ክብላ ይገልፃ።

ብምምኽካርን ብምክብባርን ሓቢርካ ምንባር ካብ ኣያታትና ተማሂርና ኢና፤ ሕዚ ግና ኣቦታትና ንዘምሃሩና ምክብባር ገዲፍና ብሄርተኝነት ኣልዒልና ኢና፤ እዚ ዘልዓልናዮ ልክዑ ዝሓለፈ ብሄርተኝነት ኣይጠቕመናን፤ ከም ሰብ ተኸባቢርና ንዘለና ሓቛፋይነትን ኣካባይነትን ብምቕፃል ብፍቕርን ሰላምን ክንነብር ይግባእ ክብላ ኣብሪሀን።

ብሄር ዝምረፅ ጉዳይ ዘይኾነስ ብተፈጥሮ ዝወሃብ 'ዩ፤ ብተፈጥሮ ብዝተውሃበ ነገር ምጉናፅ ኣድላዪ ኣይኾነን፤ ሰብ ብምኳንና ተሓባቢርና ምንባር 'ዩ ኣድላዪ ነገር ይብላ። 29 ሕዳር ዝኽበር መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ንዘለዉና ፀገማት ቐሪፉ ሓድነት ዘምህር 'ዩ ክብላ ተዛሪበን።

ዝመፅእ 29 ሕዳር ዝኽበር በዓል ብሄር ብሄረሰባት ሓድነት ንምምፃእ ዓብዪ ኣበርክቶ ኣለዎ ክብላ ነባሪት ክፍለ ከተማ ቂርቆስ ወይዘሮ እቴነሽ ለገሰ ይዛረባ። በዓል ብሄር ብሄረሰባት ሕብረ ብሄራውነት፣ ሓድነትን ምክእኣልን ዘምህር ብምኳኑ ሃገራዊ ምርድዳእ ዘምፅእ 'ዩ ክብላ ሓቢረን።

"ኣነ ኣምሓረይትን ኦሮምን 'የ፤ ካብ ክልቲኦም ብሄራት 'የ ተወሊደ፤ ካብ ክልቲኦም ብሄራት ምፍጣረይ መሪፀዮ ከይኮነስ ብተፈጥሮ ዝረኸብክዎ 'ዩ፤ ብተፈጥሮ ዝተረኸበ ብሄር ከባእስ ኾነ ከጓንፅ ኣይኽእልን፤ ሰብ ብምኳንና ተኸባቢርናን ተፋቲውናን ምንባር 'ዩ ዘላቒ ሰላም ዘምፅእ" ኢለን።

ንፀገማት ብዘተን ብሰላምን ብምፍታሕ፣ ብፍቕርን ሕብረትን ምንባር 'ዩ ዘድሊ፤ መንእሰይ መንግስትን ዓርሱን ኣብ ዝፈጠሮ ዕድል ስራሕ ብምውፋር ዓርሱን ሃገሩን ከዕብይ ከምዘለዎ ኣመላኺተን።

29 ሕዳር ንብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን መግለፂ ድምቀቶም፣ ፅባቐኦምን ሕብረቶምን 'ዩ። እቲ በዓል ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ንዝፀደቐሉ 29 ሕዳር 1987 ዓ.ም ንምዝካር ዝኽበር በዓል 'ዩ። ቐንዲ ረብሓ ምኽባር እቲ በዓል ኣብ ሕገ መንግስትን ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ሃገርና ሕብረተሰብ ዝሓሽ ግዝኣት ንኽረክብ ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር 'ዩ።

ወጋሕታ

# መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣብ ሞንጎ ዜጋታት ምትእምማን ብምፍጣር ምትእስሳር ኢኮኖሚ ከምዘጠናኽር ተገሊፁ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣብ ሞንጎ ዜጋታትን ትካላትን ምትእምማን ብምፍጣር ምትእስሳር ኢኮኖሚ ዘጠናኸር ምዃኑ ፕሮግራም ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣፍሊጡ፡፡

ስራሕ ኣፈፃሚ ፕሮግራም ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣይተ ዮዳሄ ኣርዓያስላሴ ኣብ ዛዕባ ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ንትካላት ሃይማኖት መድረኽ ግንዛበ መጨበጢ ብቅድሚ ትማሊ እንትካየድ ከምዝገለፅዎ፤ መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣብ ሞንጎ ሰባትን ትካላትን ምትእምማን ብምፍጣር ምትእስሳር ኢኮኖሚ ንምጥንኻርን ዲጂታል ኢኮኖሚ ንምህናፅን ዘኽእል ‘ዩ፡፡

እቲ ዲጅታል መለለዪ መንነት ዘተቀላጠፈ ኣገልግሎት ንግዲ ንምርካብ፣ ምስ ድሕንነትን ምስ ውለቀ ሓለዋ ሓበሬታን ተተሓሒዞ ዘለው ፀገማት ካብ ምፍታሕ ብዝሓለፈ ከምሃገር ንምህናፅ ዲጂታል ኢትዮጵያ ዓብይ ረብሓ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ክሳብ ሐዚ ን10 ሚሊዮን ዜጋታት ተበፃሒ ምግባር ዝተኻኣለ እንተኾነ’ ውን ብኣንፃር ዝተተለመሉ ግና ኣፍፃፅምኡ ክንድቲ ዝድለይ ከምዘይኾነ ብምገላፅ፤ እዚ ድማ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘሎ ሕፅረት ግንዛበን ዝተሰሓሓተ ኣመለኻኸታን ምኽንያት ዝተፈጠረ ምዃኑ ኣልዒሎም፡፡



እቲ መለለዪ መንነት ብዙሕ ረብሓ ከምዘለዎ ብምርዳእ ተጠቃለሚ ምዃን ከምዝግባእ ኣይተ ዮዳሄ ብምልዓል፤ ነዚ ‘ውን ግንዛበ ብምፍጣር ኹሉ ዜጋ ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ተመዝጋቢ ንክኸውን ኣብ ምግባር ኣቦታት ሃይማኖት ልዑል ግደ ምዃኑ ገሊፆም።

እዚ ድማ ኣብ ብሄራዊ መለለዪ መንነት ኣብቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ግንዛበ ብምስራፅ ቁፅሪ ተመዝገብቲ ከብ ምውሳኽ ዝሓለፈ ዝተቀላጠፈን ዘተኣማምንን ኣገልግሎት ንክረኽቡ ዘኽእሎም ምዃኑ ኣፍሊጦም፡፡

ዋና ፀሓፊ ጉባኤ ትካላት ሃይማኖት ኢትዮጵያ ቀሲስ ታጋይ ታደለ ብወገኖም፤ ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣብ ሞንጎ ማሕበረሰብ ምትእምማን ዝፈጥርን ፍትሐዊነት ዝብል ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ዝኽተል ‘ዩ። እዚ ድማ ስርዓት ዲጂታል መለለዪ መንነት ምስ ትምህርቲ ሃይማኖት ዝኾነ ዓይነት ተቃርኖ የብሉን ኢሎም፡፡

ዲጂታል መለለዪ መንነት ፋይዳ ኣብ ኣብዝሐ ማሕበረሰብ ሕፅረት ግንዛበን ዝተሰሓሓተ ኣመለኻኸታ ብምብጋስ ተበፃሕነቱ ንእሽተይ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ኣብቲ ማሕበረሰብ ተኣማኒነት ብዘለዎም ኣቦታት ሃይማኖት ኣብነት ብምግባር ኣብ ዝህብዎ ትምህርቲ ብምጥቃም ተበፃሕነቱ ንምስፋሕ ዘኽእል ‘ዩ ኢሎም።

እቲ መለለዪ መንነት ሃገራዊ ልምዓት ብምዕባይ፣ ምትላልን ወንጀልን ንምክልኻል ከምኡ ‘ውን ቅልጡፍ ኣገልግሎት ንምርካብ ዝሕግዝ ምዃኑ ብምምልካት፤ ኣቦታት ሃይማኖት እዚ ዕውት ንክኸውን ኣብነት ብምዃን ብምምሃርን ሓላፊነቶም ንክዋፅኡ፤ እቲ ሕብረሰተብ ‘ውን ናይዚ ኣገልግሎት ተጠቃሚ ምዃን ከምዝግባእ ኣፍሊጦም፡፡

ኣብቲ መድረኽ ፕሬዚዳንት ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያን ናይ ትካላት ሃይማኖት ላዕላዋይ ሓላዊ ሼኽ ሓጂ ኢብራሒም ቱፋ፣ ኣቦ ወንበር ጉባኤ ትካላት ሃይማኖት ኢትዮጵያ ብፁዕ ኣቡነ ጎርጎሪዮስ፣ ሚኒስትር ዴኤታ ሰላም ሚኒስትር ቸሩጌታ ገነነ ሓዊሱ ላዕላዎት ኣመራርሓ ትካላት ሃይማኖትን ኣቦታትን ኣብ ዝተረኽብሉ ተኻይዱ፡፡

# ኣብዚ መወዳእታ ወርሒ ሕዳር ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ ዝናብ ክህልው ‘ዩ

## • ኣብ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዘሎ ስግኣት ናብ ዕድል ምቕያር ከምዝግባእ ተገሊፁ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብዚ መወዳእታ ወርሒ ሕዳር ዘለው 10 መዓልታት ኣብ ገለ ክፋላት እታ ሃገር ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዝናብ ከምዝህልው ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዘሎ ስግኣት ናብ ዕድል ምቕያር ከምዝግባእ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ገሊፁ።

ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝለኣኾ ሪፖረት፤ ኣብዚ ወርሒ ሕዳር መወዳእታ ዘለዉ 10 መዓልታት ኣብ ሓጋይ ካልኣይ እዋን ዝናቦም ዝኾኑ ኣብ ደቡብ ምዕራብን ደቡብ ምብራቕን ከባቢታት ክፋል እታ ሃገር ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዝናብ ንክህልው ምቹው ዝፈጥር ኩነታት ሚቲዎሮሎጂ ከምዘሎ ይሕብር፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ማእኸላይ፣ ኣብ ምብራቕ፤ ኣብ ሰሜን ምብራቕ፣ ኣብ ሰሜንን ሰሜን ምዕራብን ክፋላት እታ ሃገር ካብ ዝተጠናኸሩ ኩነታት ኣየር ሓለሓሊፉ ዝርኣዩ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ከምዝህልው ‘ውን እቲ ሪፖርት የመላኽት፡፡

ኣብ ዝቕፅሉ መዓልታት ሓጋይ ካልኣይ ናይ ዝናብ እዋኖም ኣብ ዝኾኑ ኣብ ደቡብን ደቡብ ምብራቕን ከባቢታት እታ ሃገር ዝናብ ንክፍጠር ምቹው ኩነታት ዝፈጥሩ ምልክታት ሚቲዎሮሎጂ ኣብ ቀፃሊ ከምዝህልዎም ዘመልከተ እቲ ኢንስቲትዩት፤ ብሓይሊ ፀሓይ ተሓጊዙ ካብ ዝተጠናኸሩ ኩነታት ኣየር ኣብ ደቡብ ምዕራብን ኣብ ሓጋይ ካልኣይ እዋን ዝናቦም ኣብ ዝኾኑ ፍርቂ ደቡብ ክፋላት እታ ሃገር ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ዝናብ ክዘንብ ‘ዩ፡፡

ከም ገለፃ እቲ ኢንስቲትዩት፤ ኣብ ዝቕፅሉ ዓሰርተ መዓልታት ኣብ ሓጋይ ካልኣይ ዝናብ እዋኖም ኣብ ዝኾኑ ክልላት ኦሮሚያ፣ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ፣ ሲዳማ፣ ሱማሌ፣ ኣብ ሐረሪን ድሬዳዋን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ዝናብ ክረኽቡ ‘ዮም፡፡

ካብ ተረእዮታት ዝተጠናኸሩ ኩነታት ኣየር ብምብጋስ ሓለሓሊፉ ኣብቶም ዝህልዉ መዓልታት ኣብ ክልላት ኣምሓራ፣ ትግራይ፣ ዓፋር፣ ኦሮሚያ፣ማእኸላዊ ኢትዮጵያ፣ሃረሪ፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋ እዋኑ ዘይሓለወ ቀሊል መጠን ዘለዎ ዝናብ ክህልው ከምዝኽእል ሓበሬታታት ኣሃዛዊ ትንበያ የርእዩ ኣለው ኢሉ፡፡

ኣብ ሰሜን፣ ኣብ ማእኸላይን ኣብ ምብራቕን እታ ሃገር ናይ ቀውዒ ኣዝርእቲ ዘውቅሉ ከባቢታት ትፅቢት ዝግበሮ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ኣብ ዝበፅሑ ኣዝርእቲ ጉድኣት ከብፅሕ ስለዝኽእል ዝምልከቶም ኣካላት ጥንቃቐ ምግባር ከምዘድሊ ኣብቲ ሪፖርቱ ተሓቢሩ፡፡

ምስዚ ተተሓሒዙ ኣብ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዘሎ ስግኣት ናብ ዕድል ምቕያር ከምዝግባእ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ገሊፁ።

ምክትል ሓላፊ እቲ ቢሮን መተሓባበሪ ዘፈር ሃፍቲ ተፈጥሮን ውሕስና ምግብን ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈዮ ከምዝበልዎ፤ ብመሰረት ሓበሬታ ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣብ ኩሉ ከባብታት ትግራይ ሓልሓሊፉ ካብ ቐሊል ክሳብ ማእኸላይ ዝናብ ከምዝዘንብ የረድእ።

ስለዚ ኣብዚ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዘሎ ስግኣት ናብ ዕድል ንምቕያር ከምዘድሊ ‘ውን ምኽሪ ሓሳብ የቕርቡ፤ ኣብ ምህርቲ ዘራእትን ቐለብ እንስሳን ክብፅሖ ዝኽእል ጉድኣት ንምቕናስ ምስላጥ ዓፂድ ጥራሕ እኹል ስለዘይኮነ ቐልጢፍካ ምዝባጥን ናብ ገዛ ምእታውን ከምዝግባእ ይገልፁ።

ከም ገለፃ ኣይተ ኣለምብርሃን፤ ብኻሊእ ገፅ እንትርአ እቲ ኣጋጣሚ (ዝናብ) ንምልማዕ መስኖ፣ ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ምዕቋር ማይን ምልማዕ ቐለብን ምውዓል የድሊ።

# ምድላው ዓመታዊ በዓል ኣብ ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ዳግማዊት ኢዮሩሳሌም ከተማ ኣክሱም!

መኣዲ ጥበብ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኢትዮጵያ ብፍላይ ትግራይ ዓመት ሙሉእ ዝኽበሩ ውቁብ ባህሊ፣ ጥበብ፣ ታሪኽ፣ ሃይማኖት፣ ተፈጥሮኣዊ ፅባቐን ዝተዓጀበት ሃፍታም መስሕብ ቱሪዝም ‘ያ። ብዝሕ ዝበለ በፃሒ ወይ ተሳታፊ ካብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከበሎምን ብድምቀት ካብ ዝኽበሩን ዓበይቲ በዓላት ድማ ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ዳግማዊት ኢዮሩሳሌም ኣናተበሃለት እትፍለጥ ኣኽሱም ፅዮን በዓል ሓደ ‘ዩ።

ኣመፃፅኣ ስነ-ስርዓት ኣከባብራ ክብረ በዓል 21 ሕዳር ፅዮን፣ ሕዳር ፅዮን፣ ፅዮን ማርያም፣ ታቦተ ፅዮን፣ ኣክሱም ፅዮን እናተብሃለ በቢዓመቱ ብድምቀት ይኽበር። ኩሉ ግዜ 21 ሕዳር ዝኽበረሉ ድማ ወዲ ንጉስ ሰለሙን ንግስቲ ማክዳን (ሳባ) ቀዳማዊ ምኒልክ ታቦተ ፅዮን ሒዙ ናብ ኣክሱም ብ982 ዓ/ዓ ዝኣተወሉ ሕዳር 21 ስለ ዝነበረ፣ ንግስተ ሳባ ‘ውን ድግስ ገይራ ብኽብሪ ዝተቐበለትሉ ዕለት ምንባሩን ይሕበር ።

ታቦተ ፅዮን ንኣኽሱም ክትመፅእ እንከላ ኣብ ወርቂ ሰረገላ ተቐሚጣ ርእሶም ብዝጠምጠሙ ሌዋውያን ተዓጂባ ኣብ ርእሶም ድማ ኣኽሊል ብዝደፍኡ ካህናት ሌዋውያን ተኸቢባ ነይራ ይብሉ ኣቦታት መራሕቲ ሃይማኖት።

ንግስተ ሳባ ወዳ ንታቦተ ፅዮን ሒዙ ብባሕረ ኤርትራ ኣቋሪፁ ይመፅእ ከምዘሎ ብስራት ምስ ሰምዐት እቲ ህዝቢ ብዓቢዪ ኽብሪ ንኽቕበላ ብኣዋጅ ነገረት። ታቦት ፅዮን ኣኽሱም ምስበፅሐት እቲ ህዝቢ ነጋሪት እንዳጎሰመ፣ መለኸት እንዳነፍሐ ዓብዩን ንእሽተይን ብዕልልታን ብመንፈሳዊ ስነ ስርዓትን ተቐቢልዋ ‘ዩ። በዚ ‘ውን ኣብቲ እዋን ንሱ ዝነበሩ ኣክሱማውያን ተጋሩ ንምምፃእ ታቦተ ፅዮንን ብምኽንያት ቀዳማዊ ምኒልክ ኣብ ዝመፅኣትሉ ግዘ ህዝቢ ኣክሱም ኣዝዩ ደስ ኢልዎ ፅቡቕ ኣቀባብላ ከምዝገበሩላ መረድኣታ ይሕብሩ።

ነዚ እዩ! ድማ በቢ ዓመቱ ሕዳር ፅዮን 21 ብድምቀት ዝኽበር። ድሕሪኡ ሚኒሊክ ምስቲ ሰሎሞን ኣብ ኢዮሩሳሌም ዝሰርሖም ኣብያተ ቤተ መቕደስ ዝመሳሰል ቤተ መቕደስ ሃነፀ። ንውሽጢ እቲ ቤት መቕደስ ካብ ወርቂ ብምልባጥ ኣዝዮም ብዝኸበሩ ብዕንቑታት ኣወቀቦ። ካብቲ ኣዕናቕ ዝፍልፍል ዝነበረ ብርሃን ድማ ብለይቲ ነቲ ቤተ መቕደስ ከም ፀሓይ የብርሆ ነበረ። ነገስታት ኣብርሃ ወኣፅበሃ ኣብ ኣክሱም 12 ቤተ መቅደስ ዘለዎ ቤተ ክርስትያን ታቦተ ፅዮን፣ ብወርቂ ለቢጦም ብዘደንቕ ተኣምር ክሰርሑ ክኢሎም ከምዝነበሩን እቲ በዓል በቢ ዓመቱ ብዝለዓለ ድምቀት እናተኸበረ ዝርከብ ‘ውን ምስዚ ተተሓሒዙ ‘ዩ ይብሉ።

ኣብ በዓል ሕዳር ፅዮን በቢዓመቱ ኣዝዩ ብርክት ዝበለ ተኸታሊ እምነት ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ክርስትናን በፃሕቲ ዓዲን ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ይሳተፉ ነበሩ። ኣጋይሽ ብኽብሪ ተቐቢልኻ፣ ኣኽቢርኻ ምስናይ፣ ኣክሱማውያን ዝፍለጥሉ ድሙቕ ባህሊ ‘ዩ ነይሩ ክብሉ የብርሁ።



ህዝቢ ኣኽሱም ድሕሪ ፅባሕ ብዓል ሕዳር-ፅዮን ከኽብሩ ንዝመፁ ኣጋይሽ ብፍሉይ እናተቐበለ ንምትእንጋድ በዓል ሕዳር ፅዮን ሎሚ ዓመት ብዝደመቐ ስነ- ስርዓትን ፍፁም ሰላማዊን ኮይኑ ንምኽባር ኩሉ ምድላዋት ተዛዚሙ ከምዘሎን ብፍላይ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ምድላው እቲ በዓል ምኽንያት ገይሩ ኣብ ዝሃቦ መግለፂ ሕዳር ፅዮን ኣኽሱም ብዝለዓለ ክብርን ድምቀትን ንክበዓል ልዑል ምድላዋት ተወጊኑ ‘ዩ።

ኩል ግዜ 21 ሕዳር ብድምቀት ዝኽበር በዓል ሕዳር ፅዮን ሎሚ ዘበን ‘ውን ብድምቀት ንምብዓል ምድላዋት ተገይሩ ‘ዩ ዝበሉ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝም ትግራይ ዶክተር ኣፅበሃ ሓደ ሓደ ኣካላት ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ኣብ ሕብረተ ሰብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ስግኣታት ክፍጠር ይሙኩሩ ከምዘለውን ይኹን ኣምበር ኩሉ ህዝቢ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝበለፀ ንክኽበር ምንቕቓሕ ክፍጠር እጃሙ ከወፊ ፀዊዖም።

ብኻሊእ ሸነኽ ኣብዝ ዝተሳለጠ ናይ ሰላምን ፀጥታን ዋዕላ ኩሎም ኣማሓደርቲ ጣብያታትን ኣባላት ፓሊስን ኣካላት ፀጥታ እቲ ኸተማ ኣብ ዝተሳተፉሉ ብፍላይ ኣብ ዝኽበር ክብረ ብዓል ሕዳር ፅዮን ብስነ-ስርዓት ንምኽባር ኣብ ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ፀጥታን ዘሎ ምውዳድን፤ ብብርኪ ከተማ ዝተወገኑ መደባት ፀጥታን ዝብሉ ኣጀንዳታት ዝድህሰስ ዋዕላ ፀጥታን ሰላምን ከምዝተሳለጠ ዋና ኣዛዚ ፖሊስ ከተማ ኣኽሱም ተጋዳላይ መኮነን ኣሰፋ ገሊፂም ‘ዮም።

ተጋዳላይ መኮነን ኣሰፋ ከምዝገለፅዎ፤ “ከተማ ኣኽሱም ኣብ ዘተኣማምን ሰላም ከምዘላ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዝነብር ማሕበረሰብና ኽግንዘበልና ብርግፀኛነት ክግለፅ ይደሊ ምስበሉ ኣብ ከተማና ምንም ዓይነት ቶኩሲ ይኹን ናይ ተኹሲ ድምፂ ከምዘየለ ብምርዳእ ናብ ከተማና ዝመፅእ ጋሻ ብሰላም ኣትዩ ብሰላም ከምዝወፅእ ብምትእምማን ክብረ በዓል ሕዳር ፅዮን ኽኽብር ብሙሉእ ምትእምማን ክመፅእ ከረጋግፅ ይደሊ ክብሉ ተዛሪቦም።

ብሓፈሻ ኣብ ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ዳግማዊት ኢዮሩሳሌም ኣኽሱም ፅዮን 21 ሕዳር 2017 ዓ.ም ብድምቀት ንዝኽበር ክብረ ብዓል ሕዳር ፅዮን ከኽብሩ ንዝመፅኡ ኣጋይሽ ዝድህሰሱን ዘይድህሱን ሓድግታትን ካብ ምጉብናይ ብተወሳኺ ውቒኢት ምህዞ ኣኽሱማውያን እንዳሃወፁ ክስዕሙ ከምዝኽእሉን ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ኣኽሱም ‘ውን ኣጋይሹ ብኽብሪ ኽተኣናግድ ምድላዋቱ ወጋጊኑ ከምዝርከብ ካብ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ዞባ ማእኸል ዝተረኽበ ሓበሬታ የምልክት።



# ስፖርት



## ኢትዮጵያ ስፖርት ሚሊታሪ ኣፍሪካሜዳልያታት ኣኪባ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብ ዋና ከተማ ናይጀሪያ ኣቢጃን ኣዳላውነት ንኻልኣይ እዋን ኣብ ምኪያድ ዝርከብ ኣፍሪካ ሓይሊ ጦር (ሚሊታሪ) ፌስቲቫል ስፖርት ኢትዮጵያ ናይ መጀመሪያ ሜዳልያ ወርቂ ኣመዝጊባ። ሓለቃ ሓምሳ ወርቅውሃ ጌታቸው እቲ ሜዳልያ ዘሸነፈት ኣትሌት ‘ያ። ኣብቲ ውድድር ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪካ ዝተውፃዕኡ ናይ ሓይሊ ጦር እናተሳተፉ እንትኾን ኢትዮጵያ ብክለብ ስፖርት መቻል ተወኪላ ‘ያ።

እቲ ውድድር ካብ ሕዳር 11 ጀሚሩ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ሃገር ናይጀሪያ እናተኻየደ እንትኾን፤ ኣብ ዋና ከተማኣ ኣቢጃን ኣብ ዝርከብ ናሽናል ስታድየም ሞሾድ ኣብዮላ ውድድሩ እናተኻየደ ይርከብ። ኢትዮጵያ ብክለብ ስፖርት መቻል ብምውካል ጠንካራ ተፎኻኻሪ ምኺን ዝኻኣለት እንትኾን ክሳብ ሶኑይ ኣርባዕተ ሜዳልያ ኣኪባ ‘ያ። ኣብ ኣትሌቲክስ ስፖርት እናተሳተፈ ዝርከብ መቻል ብኣትሌት ሓለቃ ሓምሳ ወርቅውሃ ጌታቸው ናይ መጀመርያ ሜዳልያ ወርቂ ኣሳኺዓ ‘ያ።

ኣትሌት ሓለቃ ሓምሳ ወርቅውሃ ጌታቸው ብ5ሽሕ ሜትሮ ውድድር ተዓዋቲት ዝኾነት በቲ ውድድር ጠንካራ ንሕንሕ ብምግባርን ተወዳደርታ ብምስዓርን ‘ያ፡፡ ካልኣይቲ ኣትሌት ሓለቃ ሓምሳ ኣያልፍም ዳኛቸው ኣብዚ ውድድር ሜዳልያ ነሓስ ምስኻዕ ክኢላ ‘ያ፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ተግባራት ሜዳ ውድድራ ኣትሌቲክስ ዝተሳተፉ ኽልተ ኣትሌታት ኽልተ ሜዳልያ ብሩር ኣመዝጊቦም ‘ዮም፡፡ ብደቂ ኣንስትዮ ዝላ ምክትል ሓለቃ ዓሰርተ በፀሎት ኣለማየሁ ሜዳልያ ብሩር እንተተመዝግብ ብተመሳሳሊ ብዲስከስ ውርወራ ሓለቃ ዓሰርተ ዙርጋ ዑስማን ሜዳልያ ብሩር ወሲዳ ‘ያ፡፡ መቻል ክለብ ስፖርት ክሳብ ኸዚ ኣብ ዝተሳተፈሉ ውድድር ኣትሌቲክስ ሓደ ናይ ወርቂን ሰለስተ ናይ ብሩር ሜዳልያ ምእካብ ክኢሉ ‘ዩ፡፡



መቻል ክለብ ስፖርት ኣብቲ ውድድር ብስፖርት ኣትሌቲክስ እናተሳተፈ ዝርከብ እንትኾን ብሓፂር ርሕቐት፣ ማእኸላይ ርሕቐት፣ ብተግባራት ሜዳ ፣ ብነዊሕ ርሕቐትን ብውድድር ማራቶን ከምዝናሕናሕር ተፈሊጡ ‘ዩ፡፡ እቲ ክለብ ኣብ ሃገር ውሽጢ ጠንካራ ምድላው ብምግባር፣ ኣትሌታትን ኣሰልጠንትን ሓዊሱ ኣርባዓ ዝበፅሑ ልኡኻት ጉጅለ ኣባላት ኣካቲቱ ናብቲ ስፍራ ከምዝኸደ ንምፍላጥ ተኻኢሉ ‘ዩ፡፡

ናይ ኣፍሪካ ሓይሊ ጦር (ሚሊታሪ) ስፖርታዊ ውድድር ብዙሓት ስፖርትታት ብምኪታት ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪካ ዝተውፃዕኡ ኣትሌታት ሚሊታሪ ዝካየድ ውድድር ‘ዩ፡፡ ናይ መጀመርያ ናይ ኣፍሪካ ሚሊታሪ ውድድር ስፖርት ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ኣብ 2002 ካብ ዓለምለኸ ሚሊታሪ ካውንስልን ካብ ኣፍሪካ ሚሊታሪ ትካል ብምትሕብባር ኣብ ኬንያ ናይ ሮቢ ኣታኣናጋድነት ተኻይዱ ‘ዩ፡፡ ኣብ መጀመርያ ናይ ሚሊታሪ ስፖርት ውድድር 32 ሃገራት እናተሳተፉ እንትኾን እቶም ኣርባዕተ ብተዓዛቢነት ቀሪቦም ነይሮም፡፡ ኣፍሪካ ሚሊታሪ ውድድር ስፖርት ዝተፈላለዩ ስፖርት ብምትእንጋድ ናይ መጀመርያ ኣህጉር ብምኳና ንመጀመርያ ተኻይዱ ዝነበረ ውድድር ብዙሓት ናይ ፖለቲካን ናይ ስፖርት ሰባትን ከምዝተኸታታልዎ ሓበሬታ ይሕብር፡፡

ናይቲ ውድድር ዓላማ ኣብ ኣህጉርና ዝርከብ ስፖርተኛታት ሚሊታሪ ዕድል ውድድር ምፍጣር እንትኾን፣ኣትሌቲክስ ሓዊሱ፣ ቅርጫት ኩዕሶ፣ ቦክሲ፣ ኩዕሶ እግሪ ፣ ሓመሳ ማይ፣ ቴኳንዶ፣ መረብ ኩዕሶን ካልኦት ስፖርትታት ክግበሩ ‘ዮም፡፡ ብናይጀርያ ኣዳላውነት ኣብ ዝካየድ ስፖርት ፌስቲቫል ኢትዮጵያ ሓዊሱ ብሓፈሻ 25 ሃገራት ኣፍሪካ ዝተውፃዕኡ 1ሽሕ 625 ስፖርተኛታት ብ19 ዓይነታት ስፖርት ተሳተፍቲ ከምዝኾኑ ገሊፆም ‘ዮም፡፡ እቲ ፌስቲቫል ስፖርት ልዕሊ ሓደ ሰሙን ዘቑፀረ እንትኾን ኣብ ዝመፅእ ቀዳም ፍፃሚኡ ክረክብ ‘ዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር፡፡ እቲ ፌስቲቫል ንመጀመርያ እዋን ብኬንያ ኣዳላውነት ምስተኻየደ ድሕሪ ዒስራ ዓመታት ሎሚ ክካየድ ኽኢሉ ‘ዩ፡፡

እቲ ውድድር ኣብ ኣፍሪካ ንዝርከቡ ጉጅለ ሚሊታሪ ዘለዎም ብቕዓት ንምርኣይ ዕድል ከምዝፈጥር ዝተኣመነሉ እንትኾን እቲ መድረኽ ንስፖርተኛታት ብብርኪ ዓለምለኸ ብምንሕናሕ ምስ ዝተረፉ ሃገራት ኣፍሪካ ልውውጥ ልምዲ ንምግባር ምቹው ኩነታት ከምዝፈጥር ተገሊፁ ‘ዩ፡፡ ኣብ ናይ ሎሚ ሓይሊ ጦር (ሚሊታሪ)ፀወታታት ኣልጀርያ፣ ካሜሮን፣ግብፂ፣ ኢትዮጵያ፣ ጋና፣ ኬንያ፣ ሞሮኮ፣ደቡብ ኣፍሪካ ከምኡ ‘ውን ኣዳላዊት ዝኾነት ሃገር ናይጀርያ ካብ ዝተሳተፉ ሃገራት ዝጥቀሱ ‘ዮም፡፡